
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.232 | ሓሙስ 29 ግንቦት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 3 — ቁጠባዊ እገዳ ከም ሓለንጊ


ገጽ 4 — ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?





ገጽ 5 — እቲ ዘጥፋእናዮ ጸላኢ ጥራይ ድዩ ጸላኢና ነይሩ!፧





ገጽ 11 — ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ብኒጀር ተሳዒራ




# በዓል ናጽነት፡ ኣብ ሪያድ፡ ጅዳን ካይሮን ብድምቀት ተጸንቢሉ

ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፥ “መስመርና ድርዕና” ብዝብል ቴማ፡ ብምትሕብባር ማሕበረኮማትን ኤምባሲታትን ኣብ ሪያድን ጅዳን - ስዑዲ ዓረብ፡ ከምኡ’ውን ካይሮ - ግብጺ ብዓቢ ድምቀት ተኸቢሩ።

ብ22 ግንቦት ኣብ ሪያድ፡ ተመሃሮ ኣህጉራዊ ቤት-ትምህርቲ ማሕበረኮም ኤርትራውያን ብዘቕረብዎ ትሕዝቶ ኣብ ዝፈለመ መደብ፡ ኣቦመንበር ማሕበረኮም ኣቶ ተስፋይ ተኽሉ፡ ንትርጉም ናጽነትን ንድምቀታ ዝዕድድ ጽንብልን ዝምልከት ቃል ኣሰሚዖ።

ፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዑዲ-ዓረብ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝጊሄር ብወገና፡ ቅኑዕ ፖለቲካዊ መስመርና ብንጹር ራእይ፡ ብቑዕ ኣወዳድባ፡ ስትራተጂያዊ ኣመራርሓን ወፋይ ህዝብን ሰራዊትን ዝተደርዐ ምዃኑ፡ ንሓይሊ መኸተና ተወሳኺ ሓይሊ ከምዝሃቦ ብምጥቃስ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን የሓንስ ገሊጻ።

ኣብ’ቲ፡ ብሃማደኤ ብዝተዳለወ ምርኢት ያታዊ ናውቲ፣ ብመንእሰያትን ዓበይትን ዝቐረበ ምርኢት ባህላዊ ኣልባሳትን ትልሂታትን፡ ከምኡ’ውን ብጥምጥምታት ዝማዕረገ መደብ፡ ብምኽንያት መበል 34 በዓል ናጽነት ክቶርድ ኣብ ዝቖጸ ግጥምጥም ኩዕሶ እግሪ ዝተዓወተት ጋንታ ተሸሊማ።

ማሕበረኮም ኤርትራውያን ከተማ ጅዳን ከባቢኣን ብ21ን 22ን ግንቦት ኣብ ዘቶርዶ ተመሳሳሊ መደብ ድማ፡ ንኹሉ ኣባል ቤተሰድመሉን ጹታኡን ዘሳተፈ ኩይኑ፡ ተመሃሮ ኣህጉራዊ ቤት-ትምህርቲ ማሕበረኮም ብዘቕረብዎ ጥበባዊ ትሕዝቶ ደሚቑ ምንባሩ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ’ቲ ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ ዓብዱርሕማን ዐሰማን ኣቦመንበር ማሕበረኮም ኣቶ ዓብደልቓድር ማልኽን ዘርከብዎም ሰቡማዚ ዝተሳተፍዎ ስነ-ስርዓት፡ ንሃገራዊ ክብርታት ዘሸልዕ ግጥምታትን ጣዕመ ዜማታትን ቀሪቡ።

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ብምትሕብባር ማሕበረኮም ኤርትራውያን ነበርቲ ካይሮን ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ግብጽን ዝተዳለወ ጽንብል፡ ብ21 ግንቦት ተኻዪዱ።

ኣብ’ቲ ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ዝተሳተፍዎን ብባህላዊ መሰናድኣታት ዝተሰነየን መደብ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ኣማን ዓብደልዋስዕ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ጽንብል ናጽነት ገጢ-ገጢ’ቲ ዝፈጥሮ ሓጎስን ደስታን ሪዚን ሓላፍነት’ውን ከምዝሰከም ብምጥቃስ፡ ዜጋታት ነዚ ብዮብቱእ ተገንዚቦም መድረኻዊ ሓላፍነቶም ኣብ ምትግባር ብንቕሓት ክስተፉ ኣዘኻኺሩ።





# ፖሊስ ዞባ ደቡብ፡ ሓደጋታት ምጥሓል ንምክልኻል ብውህደት ክሰራሕ ጸዊዑ





ኣብ ዞባ ደቡብ ሓሓሊፉ ዝርአ ሓደጋታት ምጥሓል ዜጋታት ኣብ ዒላታትን ዲጋታትን ንምግታእ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ እጃሞም ክበርክቱ ፖሊስ ዞባ ደቡብ ጸዊዑ።

ብደረጃ ዞባ ኣብ 2024 ከምኡ’ውን ቀዳማይ ርብዒ 2025 ብዘጋጠመ ሓደጋ ምጥሓል 18 ሰባት ከምዝሞቱ ዝሓበረ ሓላፊ ምክልኻል ገበን ሜጀር ክፍለማርያም ጉብረክርስቶስ፡ ካብ ጥቓሚ ወጺኦ ዝኾኑ ዲጋታትን ዒላታትን ክድረኑ፣ ኣብ ስራሕ ዘለዉ ድማ ግቡእ ሓጹርን ሓለዋን ክግበረሎም ጸዊዑ።

ዝጠዘለ ዚጋጥም ሓደጋታት ኣብ ክሊ ዕድመ 9 ክሳብ 18 ዓመት ኣብ ዝርከቡ ምዃኑ ብምጥቃስ ድማ፡ ወለዲ ኣብ ደቆም ግቡእ ቁጽጽር ክገብሩን ሓደኛነት ምሕንባስ ከረድእዎምን ብምዝኽኻር፡ ቁልዑ ዝመጽኦም ሳዕቤናት ክይተረድኡ ካብ ወለዶም ተሓቢኦም ዝኣብርዎ ስለዝኾኑ፡ ኣፍልጦኦም ንምዕባይ ክሰራሕ ተላብዩ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ ዝኸሰት ውሕጅ ብዘስዕቦ ሓደጋታት፡ ኣብ 2024 ሂወት 12 ዜጋታት ከምዝጠፍአ ሰነዳት ፖሊስ ዞባ ደቡብ የጽርዩ።

# ጋላ-ነፍሒ - ብሞያ ዝሰልጠኑ ልዕሊ 600 ተመሃሮ ተመሪቖም

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፥ ኣብ ንኡስ ዞባ ጋላነፍሒ ብዝተፈላለየ ዓውድታት ዘሰልጠኖም 324 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 669 ኣባላቱ፡ ብ25 ግንቦት መሪቑ።

እቲ ኣብ ቅድሚ ሞያውን ስልጠና፡ ንሓደ ወርሒ ዝቐጸለ ፊተውራራ ሕመረትን ካድርን፡ ከምኡ’ውን ን35 ደቀኣንስትዮ ዝተዋህበ ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ናይ ስፌት ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲ ዘጠቓልል’ዩ ነይሩ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ኣቶ ሳምሶም ክፍለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ተመረቕቲ ብዘቕሰምዎ ስልጠና ፍርሶምን ከባቢኦምን ክልውጡን ንመዘኩኦም ክጸልዉን ትጽቢት ከምዝግበር ገሊጹ።

ኣብ መውዳእታ፥ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጋላነፍሒ ኣቶ መሓሪ የውሃንስ፡ ማሕበር ኣብ ተመሃሮን መንእሰያትን ዝኻየዶ ዘሎ ቀጻሊ ወፍሪ ድሕሪ ምምስጋን፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዓቕሙ ዝፈቕዶ ደገፍ ንምግባር ድሉው ከምዝኾነ ኣረጋጊጹ።

ኣብ መውዳእታ፥ ንተመረቕቲ ወረቐት ምስክር፣ ጽብሉጻት ዝርኣዩ ድማ ሽልማት ተዓዲሎም።





ስእሊ-የውሃንስ መብራህቱ

ዜና

# ኤርትራውያን፡ ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ካናዳ፡ ኣንጎላን ፈረንሳን በዓል ናጽነት ጸንቢሎም



ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ካናዳ፡ ኣንጎላን ፈረንሳን ዝርከባ ማሕበረኮማት ኤርትራውያን፡ “ማስመርና ድርዕና” ብዝብል ቴማ መበል 34 ዓመት ጸንበል ናጽነት ብውዕውዕ መንፈስ ኣብዒለን፡፡

ኣብ ጀኔቫ - ስዊዘርላንድ ኣብ ዝተኻየደ፡ ልዕሊ 4,600 ኤርትራውያን፡ ከምኡ’ውን ዲፕሎማስኛታትን ፈተውቲ ኤርትራን ኣብ ዝተረኽብሉ ስነ-ስርዓት፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራን ቀዋሚ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ውድባትን ኣብ ጀኔቫን ኣቶ ሃብቶም ዘርኣይ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ንህዝቢ፡ መንግስትን ሓይልታት ምክልኻልን “የሃና” ድሕሪ ምባል፡ ዕለተ ናጽነት ንጽንብልን ሳዕቤታትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተዓመ ኹነታት ምስ ተልእኽና ኣዞሚድና እንግምግመሉ ኣጋጣሚ ከምዝኾነ ኣዘኻኺሩ፡፡

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ተወልደ የውሃንስ ብዮሃንስ፡ ንዕዱማትን ኣወሃሃድቲ ናይ’ቲ መደብን ብምምስጋን፡ ካብ ህጻናት ክሳብ ሽማግለታት ብሓባር - ብሓደነት ኩበዕሉ ምርኣይ ባህታ ከምዝፈጥር ገሊጹ፡፡

ኣብ’ቲ ዕለት፡ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ባህላዊ መደባት ክቐርብ ከሎ፣ 24 ግንቦት ንዝተወልዱ ህጻናት ናይ ልደት ቶርታ ተቘሪሱ፡፡

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ስዊዘርላንድ፡ ዲፕሎማስኛታት ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተሳተፍዎ ናይ ድራር እንግዶት ብ22 ግንቦት ከምዘዉደበ፡ ካብ’ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ፡፡

ኣብ ካናዳ ድማ፡ ኣብ ከተማታት ቶሮንቶ፡ ለንደን፡ ሃሚልተን፡ ኪችነር፡ ሞንትሪያል፡ ኦታዋ፡ ቫንኩቨር፡ ዊኒፐግ፡ ዊንድሶር፡ ሳስካቱን፡ ካልጋሪ፡ ሃሊፋክስ፡ ኤድመንተን፡ ግዋልፍን ረጂይናን ዝርከቡ ኤርትራውያን፡ ካብ 17 ክሳብ 24 ግንቦት ጸንበል ናጽነት ኤርትራ ብኽብ ዝበለ ስነ-ስርዓት ኣብዒሎም፡፡

እቲ ዕድመ ዝተጉብረሎም ኣጋይሽ ዝተሳተፍዎ በዓል፡ ብዝተፈላለየ ኣዘናጋዒን መዛናኒ መደባት ደሚቑ ነይሩ፡፡

ኣብ ከተማ ቶሮንቶ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ኣኪያዲት ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ካናዳ ወ/ሮ ኣማረሽ መብራህቱ፡ ነቲ ዕለት ዝምልከት ቃል ኣስሚዓ፡፡

ኣብ ኩለን ዝተጠቕሳ ምምሕዳር ከተማታት ድማ፡ ንክብሪ መበል 34 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ብ24 ግንቦት ስነ-ስርዓት ምስቃል ጥንዒራ ኤርትራ ተኻዪዱ፡፡

እዚ ከም’ዚ’ሉ እንከሎ፡ በዓል ናጽነት ኣብ ኣንጎላ - ከተማታት ልዋንዳን ደንዱን ብልዑል መዳርግ ከም እተባዕለ ካብ’ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ፡፡

እቲ መደብ፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ኣህጉራዊ ቤት-ትምህርቲ ኤርትራውያን ብዘቕረብዎ ስፖርታውን ባህላውን መሰናድኦታት ደሚቑ ነይሩ፡፡

መበል 34 ዓመት ጸንበል ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ከተማታት ቤንጉኤላ፡ ሉባንጎን ዋምቦ፡ ኣብ ዝቐጸል መዓልታት ክጽንበል’ዩ፡፡

ኣብ ፈረንሳ ድማ፡ ኣብ ከተማ ማርሰይ ብ7 ግንቦት፡ ከተማ ናንት ብ17 ግንቦት፡ ተቐማጦ ፓሪስ፡ ረን፡ ኣንዠ፡ ዲጆንን ቱርን ድማ ብ24 ግንቦት ጸንበል ናጽነት ኣብዒሎም፡፡

ኣብ’ቲ ብባህላውን ስፖርታውን መሰናድኦታት ዝማዕረገ ኣጋጣሚ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ በረኸት ጳውሎስ፡ ከምኡ’ውን ኣቦ-መንበራት ማሕበረኮማት ፓሪስን ናንትን ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ ንህዝቢን መንግስትን ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉምን የሃና ድሕሪ ምባል፡ መሳርያም ኣይልዳሉም ሃገራዊ መደባት ንምዕዋት ኣበርክቶኦም ከምዝዕዘዙ ኣረጋጊጾም፡፡

ጸንበል ናጽነት ኣብ ከተማ ሊያ፡ ብ31 ግንቦት ከምዝጽንበል፡ ካብ’ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ፡፡

# ሰገነይቲ - “ስንክልና፡ ዕላማኻ ካብ ምትግባር ኣይዕንቅፍን’ዩ”

ሓረስታይ ኣብርሃም ገ/እግዚኣብሄር



ስእሊ፡ ሩልሞን ትካቦ

ኣብ በራቑት ንእሽተይ - ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ ኣብ ልምዓት ጀርዲን ተዋፊሩ ማሳብሮ ስድራቤቱ ከመሓድሽ ዝኽኣለ ሓርሻ ስንኩል ኣብርሃም ገ/እግዚኣብሄር፡ ድሌትን ተበግሶን እንተ’ሎ፡ ስንክልና ዕላማኻ ካብ ምትግባር ከምዘይዕንቅፍ ገሊጹ፡፡

ኣብ ቃልሲ ንምምጻእ ናጽነት ኣእጋሩ ዝሰንከለ ተጋዳላይ ኣብርሃም፡ ንስንክልንኡ ከም ጉድለት ከይጠመተ፡ ኣብ’ቲ ልዑል ጉልበታዊ ጻዕሪ ዝሓትት ዓውዲ ልምዓት ፍረታትን ኣሕምልትን ብትግሃት ብምዕያዩ፡ ምህርቱ እናሰሰነ፡ ኣታዊታቱ ድማ እናዓበየ ከምዝመጸ ኣብሪሁ፡፡

ሕርሻዊ ንጥፈታቱ ንምስፋሕ ካብ ጣሕ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ከምኡ’ውን ካብ ሃገራዊ ማሕበር ሓርሻታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ዝወሰዶ ልቓሕ ብግቡእ ስለዝተጠቐመሉ፡ ዕዳኡ ከፊሉ ርቡሕ እቶት ይረኽብ ከምዝሎ ድማ ገሊጹ፡፡

ሓርሻ ኣብርሃም ገረዞሃር ዝውንኖ ሕርሻዊ ልምዓት፡ 500 ገረብ ኣራንሺ፡ ልዕሊ 100 ገረብ ፓፓዮ፡ ከምኡ’ውን ኮሚደረ ፈርዩዎ ደርኩቡ፡፡

# ዓዲ-ኳላ - ጽጉማት ወገናት ተጣዩሶም

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ንጽጉማትን ዘኽታማትን ዝኣልያን ስድራቤታት፡ ንፍሲ-ወከፈን ብዋጋ 10 ሽሕ ናቕፋ ኣጣዩሱ፡፡

ሓላፊ ናይ’ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ሰገድ ስዩም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ተጣየስቲ ብመንገዲ ምምሕዳራት ከባቢ ተለልዮን ዝቐረባ ምኽንያን ብምሕባር፡ ኩነታት መነባብሮኣን ኣብ ግምት ብምእታው ብዝተመረጸኦ ዓይነት ከምእተጣየሳ ኣብሪሁ፡፡

ዕላማ ናይ’ቲ መደብ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ጸገማት ዜጋታት ምምሕያሽ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተጣየስቲ ስድራ ቤታት ብዝተገብረለን ደገፍ ህይወተን ንምቕያር ክሰርሓ ተላብዩ፡፡

# ዓንሰባ - ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምስፋሕ ብዝሓየለ ይስራሕ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ብሓፈሻ፡ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ መጎዓዝያን መራኸቢታትን ድማ ብፍላይ ንምብጻሕ ዝተኻየደ ጻዕሪ ዘማሰገን ኲናት ከምዝመሓየሸ ተገሊጹ፡፡

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ተስፋጽዮን ግርማይ ብምኽንያት ጸንበል ናጽነት ኣብ ዝሃበቦ ቃለመሕትት፡ ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት ኣብ ንኡሳን ዞባታት ከረን፡ ሓጋዝን ዒላበርዕድን ዝተሓጽረ ሽውዓተ ትካላት ጥዕና ከምዝነበራ ብምጥቃስ፡ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ናይ ኣስታት 560 ሚኢታዊት ዕቤት ብምምዝጋብ 39 በጺሐን ከምዝለዋ ኣብሪሁ፡፡

እተን ኣብ ስፍሓትን ዓይነትን ኣገልግሎት ጥዕና ዝማሰገን ለውጢ ዝምጽኣ ትካላት፡ ሓደ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል፡ ሰለስተ ኮማዊ ሆስፒታላት፡ ሓሙሽተ ማእከላት ጥዕናን 29 መደበራት ጥዕናን ከምዝኾኑ’ውን ገሊጹ፡፡

ንኣገልግሎት መጎዓዝያ ብዝምልከት ድማ፡ ካብ ከረን ተበጊሱ ናብ ንኡሳን ዞባታት ገሉብ፡ ሃበሮ፡ ሓልሓል፡ ሓመልማሎን ኣስማጥን ኣገልግሎት ዝህብ ኣውቶቡሳት ሓራት ከምዘለዋ ዝሓበረ ኮሎኔል ተስፋጽዮን፡ ዋላ’ኳ ቅርጺ መሬት ናይ’ቲ ዞባ ቡዳ እንተ’ኾኑ፡ ብምትሕብባር ህዝብን መንግስትን ንምስፍሑን ንምምዕባሉን ብዕቱብ ይስራሕ ከምዝሎ ኣረዲኡ፡፡

ብዘይካ’ዚ፡ ኣገልግሎታት ኤሌክትሪክን ቴሌፎንን ኣብ መላእ’ቲ ዞባ ንምስፋሕ ተሰላሰሉ ዘሎ ንጥፈታት፡ መሰረት ንዘበለጸ ዕዮ ኣንጻፉ ከምዝሎ ሓቢሩ፡፡



ኮሎኔል ተስፋጽዮን ግርማይ ኣብ መወዳእታ፡ ምጥርናፍ ዓድታት ዝተማልአ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምርካብ ዘለዎ ተራ ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ንምዕዋቱ ምስ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ይሰርሑ ከምዝሎ ኣፍሊጡ፡፡

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


# ቁጠባን ዋኒንን


ተስፋት ሓጎስ

## ቁጠባዊ እገዳ ከም ሓለንጊ

ኣብዚ እዋን፡ እገዳ ዘቡ ዝዞ ፋሽን ኮይኑ ኣሎ። መራኸቢ-ብዙሃን ንጽልዋ እገዳታት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ሩስያ፡ ኢራን ወይ ቬንዙዌላ ዝትንትን ሰሩዕ ክበሃል ዝኽእል መደብት የቕርቡ። ካብ ኩባንያታት ዘኪይድኦ ዋኒናዊ ንጥፈታት ምስዘሎ እገዳታት ዚቃዶ ወይ ዘይጥሕስ ምዃኑ ንምርግጋጽ ክኢላታት ሕግን ኣተዓረቕትን (compliance officers) ብምቑጻር የረጋግጹ። ዝተኣገዳ ሃገራት ንዝተገብረለን እገዳ ዘፍሽሉ ብልሓታዊ መገድታት ሃሰው ይብላን ኣብ ዝረኸባሉ ድማ ብንያት ይዝረቡ። ቅድሚ 20፡ ኣምር ናይ እገዳ እንታይ ምዃኑ ዝፈላ ተራ ሰብ ክገልጾ ይጽገም ነይሩ'ዩ። ሎሚ ሎሚ ግን መብዛሕትኡ ሰብ እገዳ ከመይ ከም ዝሰርሕ መሰረታዊ መረዳእታ ኣለዎ - እገዳታት ሓንቲ ሃገር ባህርያታ ካብ "ግጉይ ናብ ቅኑዕ" ንኽትቅይር ተባሂሉ ኣብ ልዕሊኣ ቁጠባዊ፡ ፋይናንሳውን ማሕበራውን ቃንዛ ንምፍጣር ዝተገደደ ውሳኔ ምዃኑ ይርድኦ'ዩ።

ሕብረራት መንግስታት ኣመሪካ ዓለማዊ ጽልዋ ዘለዋ ሃገር'ያ። ኣብዘን ዝሓለፋ ክልተ ዕቑዳት ዝወሰኖ ብዝሒ እገዳ ብኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ሕብረራት ሃገራትን ካናዳን ብድምር ካብ ዝተወሰነ ንላዕሊ'ዩ።



ኣብዚ እዋን ኣመሪካ ኣስታት 70 ናይ እገዳታት ፕሮግራማት ኣለዋ። ብዝናጸል ምስ ዝርአ ድማ እቲ ኣብ ውልቀሰባት፡ ኩባንያታትን ቁጠባዊ ጸላታትን ኣነጻጺራ ዝሓለፈቶ ብዝሒ እገዳታት ልዕሊ 9 ሽሕ ይበጽሕ። ብመንጽር ዝጸለወን ሃገራት ምስ ዝርአ እንተስ ኣብ ልዕሊ ውልቀሰብ፡ ኩባንያ ወይ'ውን ቁጠባዊ ጸላት ዝተወሰነ ይኹን ዳርጋ ንኹለን ሃገራት ዝጸሉ'ዩ። ገለ ካብቲ ብእገዳ ዝውሰን መቕጻዕቲ ኣብ ዘይመንግስታውያን ኣካላት ንኣብነት ናይ ሃይማኖት ኣሸበርቲ ጉጅለታት፡ ናይ ሓሽሽ ጉጅለታትን ኣብጉዞት ወግእን ዝተኮረ'ዩ። ገለኡ ካብቲ ፕሮግራማት ድማ ንሃገር ከም ሃገር ዝምልከት'ዩ፡ ኣብ ልዕሊ ቬንዙዌላ፡ ኩባ ወይ ሰሜን ኮርያ ከም ዝተገብረ። ኢራንን ሩስያን ድማ እተን ኣዝየን ዒላማ ዝኾነራ ሃገራት ኮይነን ብኣሽሓት ዝቑጸር ናይ እገዳ ውሳኔታት ዝተገብረለን እየን።

ቀጻሊ ዝበሃል ቁጠባዊ ስጉምታት ናይ ምውሳድ ድርኺት ካብ ላዕለዎት ሰበስልጣን ኣመሪካ'ዩ ዝምንጩ። ጸሓፊ ግምጃ ኣመሪካ ዝነበረ ስቴቨን ሙንቺን ፍርቂ ካብ ግዜኡ ንእገዳ ኣብ ዝምልከት ዕዮ ከም ዘሕለፎ ብንያት ምዝራብ ይፈቱ ነይሩ። ሓያሰቲ እገዳታት ኣብ ዝተወሰኑ እዋን ንመራኸቢ-ብዙሃን ዘውሃብ መግለጺ መብዛሕትኡ ግዜ ስቴቨን ባዕሉ ይሁብን ካብ ዕስለ ጋዜጠኛታት ንዝመጽእ ዓሰርታት ሕቶታት ባዕሉ መልሲ ይሁብን ነይሩ። ኣብ ምምሕዳር ባይደን'ውን እቲ ምስሊ ዝተፈልየ ኣይነበረን። ፕረዚደንት ባይደን ቀዳመይቲ ናይ እገዳ ውሳኔ ክፍርም ሰለስተ ሰሙን ጥራይ እዩ ወሲዱሉ - ከም ግብረ-መልሲ ኣብ በርማ ንዝተኻየደ ወተሃደራዊ ዕልዋ። ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ ምምሕዳር ባይደን ዝነበረ ኣንቶኒ ብሊንከን'ውን እንተኾነ ብዛዕባ እገዳታት መጽሓፍ ጽሒፉ'ዩ።

ተገዳስነት ኣመሪካ ኣብ እገዳታት ሓያሊ ዕቑዳት ዘቚጸረ'ዩ። ኣብ 1990ታት ኣስታት ፍርቂ ካብ ህዝቢ ዓለም ደሮ ኣብ ትሕቲ እገዳ ኣመሪካ ኣትዩ ነይሩ። እገዳታት መንግስቲ ኣመሪካ ንዝገጠሞ ሓደሽ ብድሆታት ብዘይምቕላብ ዝሆ ምላሽ ደዩ ኮይኑ ዝበል ጉዳይ ዘተሓሰበም ገለ ግዱሳት ድማ ብዛዕባ'ቲ "ጠገለ ዝሰኣነ ፍቕሪ እገዳታት" ደሮ ክዛረቡ ጀሚሮም ነበሩ። ኣብ 1998 ፕረዚደንት በል ክሊንተን ኣመሪካ "ብእገዳ ትሕጎስ" ሃገር'ያ ኮይና ብምባል ብትካዘ ከም ዝተዛረበ ይግለጽ። ብተወሳኺ፡ ከም ሃገር "ምሳና ንዘይተሰማምዑ ኩሉ ናይ ምእጋድ፡ ምሳና ንዝተሰማምዑ ዝኾነ ሰብ ድማ ናይ ዘይምሕጋዝ ናብ ዝመስል ሓደጋ" ኣቢል ኣሎና ብምባል ፍርሑ ገሊጹ ነይሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ብኣመሪካ ዝተወሰነ ብዝሒ እገዳታት ብፍኑዕ ወሲኹ ኣሎ። ካብ 2017 ክሳዕ 2020 ዝነበረ ቀዳማይ ምምሕዳር ትራምፕ ንኣብነት ኣብ ልዕሊ 3,900 ሰባትን ኩባንያታትን እገዳ ወሲኑ - ብጠምጋም ኣብ ነፍሲወከፍ ናይ ስራሕ መዓልቲ ኣርባዕተ ናይ እገዳ ውሳኔ ምዃኑ'ዩ። ብመንጽሩ ፕረዚደንት ጆርጅ በሽ (ዓቢ) ኣብ ሸሞንተ ዓመት ስልጣኑ ኣብ ልዕሊ ውልቀሰባትን ዝተፈላለየ ኣካላትን ዝወሰኖ እገዳታት ብዝሑ 3,484 እዩ። ኢራን ቀንዲ ዒላማ ቀዳማይ እብረ ምምሕዳር ትራምፕ ዝነበረት'ያ - ኣብ 77 ዙርያታት ናይ እገዳ ውሳኔ ተነቢሩላ። እዚ ኣሃዝ ኣዝዩ ብዙሕ'ኳ እንተነበረ ምስ ጉዳይ ዩክሬን ተታሓሒዙ ብምምሕዳር ባይደን ኣብ ልዕሊ ሩስያ ምስ ዝተወሰነ ብዝሒ እገዳታት ክርአ እንከሎ ግን ትሑት'ዩ። ኣመሪካ፡ ኩናታት ዩክሬን ምስ ተጀመረ ድሕሪ ክልተ ወርሒ፡ ምስ መንግስቲ ሩስያ ምትእስሳር ኣለዎም ኣብ ልዕሊ ዝበሉዎም ውልቀሰባት፡ ጋንታታትን ኩባንያታትን ኣስታት ሓደ ሽሕ እገዳታት ኣሕሊፋ። ብኣጠቓላሊ ካብ 2021 ክሳዕ 2024 ብምምሕዳር ባይደን ዝተወሰነ ብዝሒ እገዳታት 8,356 እዩ። ኣስታት 50% ካብቲ ዝተወሰነ እገዳታት (4,143) ድማ ኣብ ልዕሊ ሩስያን መሻርኽታን ዝተባህሉ ዝተወሰነ'ዩ። ቅድሚ'ዚ ፍጹም ዝበዝሐ እገዳ ዝተወሰነላ ሃገር ኢራን እኳ እንተነበረት ሕጂ ግን ብሩስያ ተተኪኣ ኣላ።

## ዓለማዊ ንግድ የድሊ ዶ፧

ደገፍቲ ናጻ ንግድ ማለት ሰሩ ቁጠበኛታት ይኹኑ ካልኦት ንናጻ ንግድ ዝቃወሙ ሰብ ኪጋጥሞም እንከሎ ከም ጸረ-ንግድ እዮም ዝቑጸሩ። እዚ ግን ቅኑዕ ኣይኮነን። ናጻ ንግድ ምንቃፍ፡ ንዓለማዊ ንግድ ምቅዋም ስለዘይኮነ። ናጻ ንግድ፡ ንግድ ዝቆይደሉ ሓደ ኣገባብ እምበር ንግድ ዝቆይደሉ እንኮ ኣገባብ ስለዘይኮነ።

ብቅኑዕን ፍትሓውን ኣገባብ ዝፍጸም ዓለማዊ ንግድ ጥቕምታት ከምዘለዎ ኣይከሓድን። ዓለማዊ ንግድ፡ ንኣፍረይቲ ትካላት ርሒብ ዕዳጋ ዝፈጥርን ብዘተሓተ ወጻኢ ኣቑሑ ክፍርያ ዕድል ዝህብን እዩ። ብዙብዝሒ ክተፍሪ ምኽኣል ድማ ማጠን (ቀዋሚ) ተኽፋሊ (cost) ከም ዝንኪ ዝሰብርን መኽሰብ ዘዕብን እዩ። እዚ መዳይ ናይ ዓለማዊ ንግድ፡ ንእሽቶ ቁጠባ ዝለወን ሃገራት ብፍላይ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ - ምኽንያቱ ክዮዋን ርሒብ ዕዳጋ ክረኽባ እንተዘይክኢለን ኩሉ ነገር ብልዑል ተኸፊሉ ክፍርዩኡ ስለዝግዶዳ። ዓለማዊ ንግድ፡ ዕዳጋ ንምውሓስ ዝግበር ውድድር ብምዕባይ ወይ ብምሕያል ኣፍረይቲ ትካላት ዝያዳ ጥቅዋት (efficient) ክኾና ዘገድድ'ዩ። ብዘይካ'ዚ ኣፍረይቲ ትካላት ናብ ሓደሽ ሓሳብ (ንኣብነት ሓደሽ ተክኖሎጂታት፡ ዲዛይናትን ምሕደራዊ ተግባራትን) ከም ዝቃልዓ ብምግባር ኣብ ምህዞን ምሕዳሳን ከበርክታ ዝደርኽ'ዩ።

ዓለማዊ ንግድ ኣብ ምምዕባል ንዘለዋ ሃገራት ፍሉይ ኣገዳስነት ኣለዎ። እዘን ሃገራት፡ ናይ ምፍራይ ክእለተን ብኹሉ ኣብሉ ድማ ቁጠበአን ንምዕባይ ዝሓሸ ተክኖሎጂ ክውንና የድልየን። ብኽልሱ ሓሳባዊ ግዝዞቡ እዘን ሃገራት ዘድልየን ተክኖሎጂ ባዕለን ክምህዛ ይኽእላ እየን። ብዋዕበሪ ክርኣ እንከሎ ግና ክንደይ ካብዘን ብዝተሞገዲ ድሕር ዝቑጠባኣን ሃገራት እየን ዘድልየን ተክኖሎጂ ባዕለን ምህዘን? ዋላ ሓንቲ የላን ምባል ይከኣል'ዩ። ስለዚ፡ እዘን ሃገራት ማሽናት ደዩ ብዝተክኖሎጂያዊ ፍቓድ ብምዕዳግ ወይ'ውን ኣብ ተክኒክ ብዝተኩር ምኽራዊ ኣገልግሎት ኣቢለን ክረኽብኦ ዝኽእላ ኩሉ ተክኖሎጂ ናብ ሃገረን ኣምጺአን ክጥቀማ እንተዘይክኢለን ምስ ጸላለ ክቑጸር ከም ዝኮኣል ይጥቀሱ። እንተኾነ ሓንቲ ኣብ ምምዕባል ዘላ ሃገር ዝተፈላለየ ተክኖሎጂ ናብ ሃገራ ከተምጽእ እንተደልያ እቲ ክትከፍሎ ዘለዋ ማጠን ገንዘብ ብናታ ባጤራ ትቕበሎ ትካል ወይ ሃገር ስለዘየላ ከም ዶላር ኣመሪካን ኤውሮን ዝኣመሰለ 'ተኣማኒ ወይ ቅቡል ባጤራ' ክህልዋ የድሊ። ከምዚ ዝበለ ባጤራ ትረኽቦሉ ሓደ መገዲ ድማ ኣብ ናይ ሰደድ ንጥፈት ብምስታፍ'ዩ። ስለዚ፡ ዓለማዊ ንግድ ኣብ ቁጠባዊ ምዕባለ ኣገዳሲ ተራ ኣለዎ።

ኣድላይነት ዓለማዊ ንግድ ዘከራኽር ጉዳይ ኣይኮነን። እዚ ኣብ ቦታኡ እንከሎ ግና ናጻ ንግድ እቲ ዝበለጸ ንግዳዊ ኣገባብ ብምሕልፉ ከኣ ኣብ ምምዕባል ንዘለዋ ሃገራት እዩ ማለት ኣይኮነን። ምኽንያቱ ግና ኣብ ምምዕባል እንከለዋ ኣብ ናጻ ንግድ እንተተጸሚደን ዘፍሪ ዓቕሚ ናይ ምምዕባል ዕድለን ስለዝዕንቀፍ። ራውል ፕረቢሽ ዝተባህለ ስሩቁጠበኛ፡ ካብ ንግድ ዝርከብ ረብሓ ብኣወዳድናኡ ኣንጻር ጥቕሚ ድኻታት ሃገራት'ዩ ዝብል መጉት ኣብ 1959 ዘቕረበ'ዩ። ከምኡ ዝኾነሉ ድማ መሸጢ ዋጋ ናይቲ መብዛሕትኡን ድኻታት ሃገራት ዝቕርብኦ መዓዲታዊ (ከም ማዕድን) ፍርያት ውድድር ኣብ ዘለዎ ማለት ኣብ ናጻ ዕዳጋ ስለ ዝውሰን'ዩ። እቲ ብምዕቡላት ሃገራት ዝፈሪ ናይ ማሽን ውጽኢት (ከም ኤለክትሮኒካዊ ናውቲ) ግን ኣፍረይቱ ውሑዳት ብምዃነን ኣብ ብሉት ወይ ናጻ ኣብ ዘይኮነ ዕዳጋ እዩ ዝውሰን። ብተወሳኺ፡ ኢንዱስትሪ ማሽን ኣብ ውሽጡ ካብ ዝኸሰት ተክኒካዊ ለውጢ ብዝርከብ ረብሓ ቀዋሚ ተኸፋሊ ናይ ምንካይ ብልጫ (ኣብ ልዕሊ ኣፍረይቲ መዓዲታዊ ፍርያት) ኣለዎ። ኣጠቓላሊ ሚዛን ንግዲ ድኻታት ሃገራት ዘንቆልቁል'ውን በዚ ምኽንያት'ዩ። እዚ ከኣ ከም ምስጋጋር እቶት ካብ ድኻታት ናብ ሃብታማት ሃገራት ምዃኑ'ዩ። ናጻ ንግድ ነተን ምዕቡላት'ውን እንተኾነ ፍጹም ጠቓሚ ከምዘይኮነ ይግለጽ'ዩ። እዚ ኣተሓሳስባ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ብዙሓት ልሂቃን ኣመሪካ ኣሰፋሕፊሑ ዘሎ ኮይኑ ናጻ ንግድ ሃገራት ንኽምዝምዛ ዝነበረ ኣገባብ ንግድ'ዩ ዝብል'ዩ። እዚ ከኣ ነቲ ዓለማዊ ንግድ ኣገዳሲ'ዩ ዝብል መረዳእታ ምስቲ ዝበለጸ ኣገባብ ንዓለማዊ ንግድ ናጻ ንግድ'ዩ ዝብል መረዳእታ ክይናገር ከምዘይብሉ ዘመልክት'ዩ።



# ሓሳባት

ሲራክ ክፍለ

መበል 50 ክፋል

*ዓምዲ ሓሳባት ንረፖርታጃት ቅኑ ናጽነት ቦታ ንምሃብ ኣቋሪጻ ቀንያ፣ ትቕጽል ኣላ። ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ማሕበራዊ ምሕደራን ሓደሽ ማሕበራዊ ምሕደራን በርክራሰን ዝበል ኣምራት ምዕራባዊ ዓለም ትሕዝቶኡ ብዝርዝር ተመልኪትና። ኤርትራ ካብ ጥንቲ ኣትሒዛ ንማሕበራዊ ፍትሕን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዓቢ ግምት ዝሃበ ምሕደራ ዓደ ኣቦ ከምዝነበራ ጠቒስና ድሕሪ ከም ኣብኡት ካብ ዝተፈላለዩ ሕግታት እንጻብ ገለ ዓንቀጻትን ንኣሳን ዓንቀጻትን ኣቕሪብና ኒይርና። ብድሕሪኡ ዕምጋት መንግስቲ ኣብዚ ዘመንዚ ብመሰረት ዓለምለኻዊ ትካል OECD (Organization for Economic cooperation and development) ብኸመይ ይግለጽ ኣንቢብና፣ ናይ ቀረባ ግዜ ጸብጻባቱ እውን ተመልኪትና። መቐጸልታኡ ይስዕብ–*

***

# ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?




ኣተኩሮ ጸብጻባት OECD ኣብ ምህናጽ ፍትሓዊ ሕብረተሰብን ምህናጽ ሓያል ቁጠባን ዝሎ ዝኒጋስ ዘመልክት ኮይኑ፣ ዚ ንምርግጋጽ ደቀንስትዮ፣ መንእሰያትን ታሕተዎት ቀጸላ ሕብረተሰብን (ሰራሕተኛታት) ብሓፈሻ ኣብ መንግስቲን ቁጠባን ብፍላይ ከኣ ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሕታት መንግስታዊ ኣካላትን ቁጠባን ተሳትፎ ክህልዎም ዝጽውዕ እዩ። ግን ስለምንታይ? ስለምንታይ ደቀንስትዮ ኣስታት 50% ክፋል ሕብረተሰብ ማሰለን ኸና ዘይተረጋገጸ? ስለምንታይ መንእሰያት ልዕሊ 60% ክፋል ሕብረተሰብ ብዕቅር ዓቕሞም ኣብ ቁጠባን ፖለቲካን ናይ ምሳታፍ ዕድል ዘይረኸቡ? ስለምንታይ ሰራሕተኛታት ልዕሊ 80% ክፋል ሕብረተሰብ ፍትሓዊ ሕጊ ዕዮ ዘይረኸቡ?

ኣብ ምዕቡላት ሃገራት OECD ደሞክራሲ ወይ ግዝኣት-ሕጊ ስለ ዘየለ? ሰብኣዊ መሰላት ስለዘይከበር? ወይ'ውን ምርጫ ስለ ዘየለ? ኣይፋሉን። ኣብ ኩለን ሃገራት OECD ዘለዉ መንግስታት ብምርጫ ዝመጹን ዝወርዱን እዮም። ግዝኣት-ሕጊ ስለ ዘየለ እውን ኣይኮነን። ግዝኣት-ሕጊ ኣሎ። እቲ ጉዳይ ብዙሓ ፖለቲካዊ ምርጫ ሰልፈታትን መንግስቲን ኣይኮነን።

ደሞክራሲ ኣብ ስልጣን ዝመጽእ ስርዓት ብምርጫ ይመጽእ፣ ብምርጫ ይእለ እዩ ዝበል። ብምርጫ ዝመጸ ስርዓት ግን ማሕበራዊ ፍትሒ ከረጋግጽ ኣለዎ ኣይብልን እዩ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት OECD ኣብ ስልጣን ዝመጹ መራሕትን ሰልፈታትን ኣብ ግዜ ምርጫ ብቁጠባዊ ደገፍ ሃብታማት (ደቂ ተባዕትዮ) እዮም ዝስዕሩ። ረብሓ ናይቶም ኣብ ስልጣን ዘምጽእዎም ምሕላው ድማ ውሕስነቶም ንመጺኢ ምርጫ እዩ። መብዛሕትአን ሃገራት OECD ንልዕሊ 100 ዓመት ምርጫ ዘቶዳን ደሞክራሲያዊ ስርዓት ኣለና ዝበላን ሃገራት እየን። ንልዕሊ 100 ዓመት ብዙሓ ማዕርነት ደቀንስትዮን ምዕሩይ ዝርጋሐ ኣታዊታትን ማልን ዓንገርር ኣለን ንኸልኣት እውን ሰቢኸን። ኸና ግን ንባዕለን ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ቅቡል ደረጃ ኣየብጽሓአን።

ማዕርነት ደቀንስትዮን ማሕበራዊ ፍትሕን ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት እዩ። ካብዚ ትዕዝብቲ'ዚ ግን ሰብኣዊ መሰላት ብደሞክራሲያዊ ምርጫ ዝረጋገጽ ኣይመስልን። እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ፣ ማዕርነት ደቀንስትዮን መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላትን ንኣብነት ቀረብ ማይ፣ መግቢ፣ መጽለሊ፣ ሓለዋ ጥዕና፣ ጸጥታን ሰላምን ትምህርቲ፣ ጸዓት ወዘተ. ፖለቲካዊ ምርጫ ሰልፈታትን መራሕትን ዘይትኣስ ከም ክትንክ ዘይክእል "ክብሪ" ምሓዙ እዩ። ሃገራት ከኣ ኣገዳሲ ኣጉዳሲ ዝበልኦ መሰላት፣ ኣብ ዋጋ ዕዳጋን ዘይኣቱ "ክብሪ" ክንብረሉ መሰልን ኣኻእሎን ኣለወን።

**መንግስታዊ ፋይናንስን ቁጠባን (Public finance and economics)**

መንግስታት ልዑል ወጻኢ ዘለዎ ብዙሕ ንጥፈታት እየን ዘካይዳ። መንግስታት ወጻኢታተን ንምሽፋን ክልተ ቀንዲ ምንጪ ኣታዊ ኣለወን። ቀዳማይን ቀንድን ግብርን ቀረጽን ኮይኑ ካልኣይ ድማ ካብ ውሽጥን ደገን ልቓሕን ደገፍን እዩ። ኣብ መንጎ ጠቕላላ ኣታዊን ጠቕላላ ወጻኢን መንግስቲ ዘሎ ፍልልይ ፊናንሳዊ ሚዛን (Fiscal Balance) ይበሃል። ኣብ ሓደ ወሁብ ዓመት ናይ መንግስቲ ኣታዊ ካብቲ ወጻኢ ክበዝሕ እንተሎ "ዝያዳ" (Surplus) ይበሃል። ወጻኢ መንግስቲ ልዕሊ ኣታዊ ክኸውን እንተሎ ከኣ "ሕጽረት" (Deficit) ይበሃል። መንግስቲ ዓመት ኣተወ ዓመት ወጸ "ሕጽረት" ዘርኢ እንተኾይኑ ዕዳ ሃገር ብምዕባይ ብኡ መጠን ድማ መንግስቲ (ሃገር) ትኸፍሎ መጠን ወለድ ይዓቢ። ሃገራት OECD ብመንጽር ፋይናንስያዊ ሚዛንን ቁጠባን ከመይ ይመስላ፣ ኣስዒብና ንርአ–

**ሓፈሻዊ መንግስታዊ ፋይናንስያዊ ሚዛን**

**(General government fiscal balance)**

ኣብ 2013 ኖርወይ 11.3%፣ ኮርያ 1.3% ከምኡ'ውን ኣርባዕተ ሃገራት OECD "ዝያዳ" ኣመዝጊበን። ስሎቨንያ 14.6%፣ ግሪኽ 12.3%፣ ጃፓን 8.5% "ሕጽረት" ኣመዝጊበን። ብማእከላይ ገምጋም ሃገራት OECD 4.2% "ሕጽረት" ኣመዝጊበን። ኣብ 2009 ኣህጉራዊ ፋይናንስያዊ ቅልውላው ኣብ ዝበረሉ እዋናት፣ ብማእከላይ ገምጋም ሃገራት OECD 8.4 % "ሕጽረት" ኣመዝጊበን።

**ሓፈሻዊ መንግስታዊ ጽሩይ ወኻለ**

**(General government net saving)**

ኣብ መንጎ እዋናዊ ኣታዊን እዋናዊ ወጻኢን መንግስቲ ዘሎ ፍልልይ ሓፈሻዊ መንግስታዊ ጽሩይ ወኻለ ይበሃል። ጽሩይ ወኻለ፣ እዋናዊ መንግስታዊ ወፍሪ ይኸውን ገንዘባዊ ምስግጋር (ንኣብነት ዘኽሰራ ትካላት ንምድሓን ዝግበር ክፍሊት) ኣብ ግምት ኣየእቱን እዩ። ብሓጺሩ ኣታዊን ወጻኢን መንግስቲ ኣብ ሓደ ወሁብ ዓመት ዘርኢ እዩ። ቀጻሊ ዓመታዊ ኣሉታዊ ጽሩይ ኣታዊ ዘለዎ ዘይኮነ ግቡይ ምወላ መንግስቲ ዝኣምት እዩ። ኣብ 2013 ኣብ ሃገራት OECD ጽሩይ ወኻለ -3.3% ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣታዊ ነይሩ። ዝለዓለ ኣዎንታዊ ጽሩይ ወኻለ ዝበራ ኖርወይ (12.6%)፣ ዝተሓተ ኣሉታዊ ጽሩይ ወኻለ ዝበራ ከኣ ጃፓን -7.2%። እዚ ናይ 2013 ኣሉታዊ ጽሩይ ወኻለ ሃገራት OECD ምስ ናይ 2009 (-6.3%) ክረኣ እንከሎ ዓቢ ምምሕያሽ ምኻኑ ይነግር።

**ሓፈሻዊ መንግስታዊ ጠቕላላ ዕዳ**

**(General government gross debt)**

መንግስታት ወጻኢ ንምሽፋን ዝልቅሕኦ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ይእከብ እዩ። ናይ 2008-2009 ኣህጉራዊ ፋይናንስያዊ ቅልውላው ንምጥጣም መንግስታት OECD ብቐንዱ ንበሕታዊ ፋይናንስያዊ ትካላት በልዮናት ዶላራት ድጎማ ብምሃበን ብዙሕ ዕዳ ተሰኪመን። ከምኡ'ውን ብሰንኪ እቲ ቅልውላው ቁጠብ ተዳኺሙ ኣታዊአን ብምንካዩ ኣብ መንግስታዊ ፋይናንስ ጸቕጢ ፈጢሩ። ኣብ 2013 ማእከላይ ገምጋም ዕዳ ሃገራት OECD 109.3% ካብ ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣታዊ በጺሑ። ኣብ መንጎ 2007 – 2013 ብዘይካ ኣብ እስራኤል፣ ሽወደን፣ ስዊዘርላንድን ኖርወይን ኣብ ሃገራት OECD ማእከላይ መጠን ዕዳ ዓመታዊ 34.7 ሚእታዊት ወሲኹ። እተን ዝለዓለ ዕዳ ዝተሰከማ ከኣ እተን ብኤውሮጳዊ ሕብረት ፋይናንስያዊ ደገፍ ዝተገብረለን ሃገራት፣ ኣየርላንድ፣ ግሪኽ፣ ፖርቱጋል ነይረን።

ኣብ መንጎ 2007 – 2013 ዓመታዊ ዕቤት ማእከላይ ገምጋም ዕዳ ብመጠን ብዝሒ ህዝቢ ሃገራት OECD 6.7% ነይሩ። ኣብ 2013 ከኣ ብመጠን ናይ ምግዛእ ዓቕሚ 42,863 ዶላር ኣመሪካ በጺሑ። ብኻልእ ኣበሃህላ፣ መንግስታት ሃገራት OECD ኑተን ብስሰዐን ዕንደራን ዝኸሰራ ብሕታዊ ባንክታትን ፋይናንስያዊ ትካላትን ንምድሓን ዝገበረኦ ድጎማ፣ ተኣኪቡ ኣብ 2013 ንነፍሲ ወከፍ ዜጋ 42,863 ዶላር ዕዳ ኮይኑ። ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ክንብል እንከለና መላእ ዜጋ እንተላይ ሕጻናትን ኣረጋውያንን ሓዊሱ እዩ።

ኣብ 2013 ሓፈሻዊ ገምጋም ኣሉታዊ ጽሩይ ወኻለ ሃገራት OECD 65.3% ነይሩ። ዝለዓለ ኣዎንታዊ ወኻለ ዘርኣየት ሃገር ኖርወይ ልዕሊ 200% ነይሩ። ብመንጽር ብዝሒ ህዝቢ ምስ ዝርአ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣስታት 50,000 ዶላር ኣመሪካ ኣሉታዊ ወኻለ (ዕዳ) ክህልዎ እንከሎ፣ ነፍሲ ወከፍ ኖርወጃዊ ከኣ ኣስታት 135,000 ዶላር ኣመሪካ ኣዎንታዊ ወኻለ ኣለዎ።

**ፋይናንስያዊ ሚዛንን ዕዳን ብጽፍሕታት መንግስቲ**

**(Fiscal balance and debt by level of government)**

ኣብ ብዙሓት ሃገራት OECD ካብ ማእከላይ መንግስቲ ክሱብ ምምሕዳር ከተማ፣ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ከውፍራ ወይ ካብ ውሽጥን ወጻእን ክልቅሓ መሰል ኣለወን። ናይ መንግስቲ ሓፈሻዊ ዕዳ (ድምር ናይ ኩሉ ጽፍሕታት መንግስቲ ዕዳ) ብመጠን ዕዳ ታሕተዎት ጽፍሕታት መንግስቲ ክጽሎ ይኽእል እዩ።

ብመሰረት ናይ ሃገር ፖለቲካዊን ምምሕዳራዊን መዋቕር (ቅዋም) መሰል ልቓሕን ካልእን ታሕተዎት ጽፍሕታት መንግስቲ ይፈላለ እዩ። ብሓፈሻኡ ፈደራዊ ስርዓት ኣብ ዘኽተላ ሃገራት ታሕተዎት ጽፍሕታት መንግስቲ ካብ ውሽጥን ወጻእን ክልቅሓ ዝያዳ መሰል ኣለወን። ብሕጊ ድማ ታሕተዎት ጽፍሕታት መንግስቲ ብበይናዊ ወሳኒ ዝልቅሕኦ ከም ዕዳ እቲ ከባቢ (ዞባ ወይ ክልል) እዩ ዝቑጸር። ይኹን'ምበር ብተግባር ታሕተዎት ጽፍሕታት መንግስቲ ዝልቅሕኦ ውሱን እዩ። ብሃገራዊ ፋይናንስያዊ ሕጊ ስለ ዝጸዝአ። ኣስዒብና ከኣ ፋይናንስያዊ ሚዛን ማእከላይ መንግስቲን ታሕተዎት ጽፍሕታትን ክንድህስስ።

ኣብ 2013 ማእከላይ ገምጋም ጠቕላላ ዕዳ ሃገራት OECD 4.2% ናይ ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣታዊ ኮይኑ፣ ዕዳ ማእከላይ መንግስቲ 3.5% ነይሩ። እዚ ማለት 0.7% ብታሕተዎት ጽፍሕታት ዝተወሰደ ዕዳ ማለት እዩ። ግሪኽን ስሎቨንያን ብ15% ዝለዓለ ዕዳ ዝበረን ኮይነን፣ ኖርወይ ከኣ 12% ኣዎንታዊ ሚዛን ነይሩዋ። ኣብ 2013 ማእከላይ ገምጋም ዕዳ ታሕተዎት ጽፍሕታት መንግስቲ ሃገራት OECD 20.7% ካብ ሓፈሻዊ ኣታዊ ነይሩ። ዝለዓለ ዕዳ ታሕተዎት ጽፍሕታት መንግስቲ ዘለዋ ሃገር ከኣ ካናዳ ኮይና 55.9% በጺሑ።

ዝርጋሐ ዕዳ ሃገራት ብመንጽር እጃም ዝተፈላለየ ጽፍሕታት መንግስቲ ዝርኢ እዩ። ንኣብነት ኣብ ፈደራዊ ስርዓት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ 2007 እጃም ዕዳ ዞባታት (ስተይታት) ኣስታት 35% ኣብ 2013 ድማ ኣስታት 22%፣ ናይ ከተማታት ድማ 0% ነይሩ። ኣብ ፈደራዊት ጀርመን ኣብ 2013 ናይ ማእከላይ መንግስቲ እጃም ዕዳ ኣስታት 62%፣ ናይ ዞባታት (ስተይታት) ኣስታት 30%፣ ናይ ከተማታት ኣስታት 8%። ብኣንጻሩ ኣብ ኣሃዱኣዊ ስርዓት ኖርወይ ኣብ 2007 እጃም ዕዳ ማእከላይ መንግስቲ 80% ኮይኑ ናይ ከተማታት ድማ ኣስታት 20% ነይሩ። ኣብ 2013 ድማ እጃም ዕዳ ማእከላይ መንግስቲ 60% ኮይኑ ናይ ከተማታት ድማ ኣስታት 40% ነይሩ።

**ይቕጽል . . .**

ሸባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# እቲ ዘጥፋእናዮ ጸላኢ ጥራይ ድዩ ጸላኢና ነይሩ!፧

ኤርምያስ ሰሎሞን

`ጥዑይ` ዝብሃል ሰብ ወትሩ ዝያዳ ንኽርህዎ እዩ ዝሰርሕ፤ ካብ ሎሚ፡ ጽባሕ ንኽትሕሸሉ። እቲ ብህይወት ምንባርካ ትርጉም እትረኽበሉ ቀንዲ መገዲ'ውን ዕብየት'ዩ። ለውጢ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝሓሸ፡ ካብ ዝሓሸ ድማ ናብ ዝበለጸ። ኣብዚ ዓለም ከምኡ ንኽትገብር ዝሕግዙኻ ጸጋታት ማእለያ የብሎምን። ብኣንጻሩ፡ ካብ ዘለኻዮ ንኸይትምዕብል ጥራይ ዘይኮነ፡ ንድሕሪት ንኽትጉተት ዝደፍኡኻ መሰናኽላትን ተጻብኦታትን ድማ ማዕረ'ቶም ጸጋታት ብዙሓት'ዮም። እዚ'ዩ ድማ ኣብዛ ምድሪ ዕዉት ኴንካ ንኽትወጽእ ከቢድን ዘተሓላልኽን ዝገብሮ።

ልክዕ ሱሳ ዓመታት ንድሕሪት ንመለስ - ልዕሊ ፍርቂ ዘመን! ኣብቲ ግዜ'ቲ ገለ ብኣጻብዕ ዝቑጸሩ ደቂ ሃገር ናጽነት ንኸምጽኡ ኢሎም በረኻ ወፊሮም። ብውሑድ ቍጽሪ፡ እሞ ኸኣ ክንዲ እምባ ዝኸውን ዕላማ ንምውቃዕ። ብርግጽ፡ ብቐመር እንተ ርኢኻዮ፡ ዕሽነት እምበር ቍም-ነገር ዝነበሮ ዕላማ ኣይመስልን። ምኽንያቱ፡ እቲ ራእዩ ኣመና ዓብዩ፡ እቲ ዓቕሚ ድማ ምሒር ደቒቑ። ነቲ ዓቕሚ መሊሱ ዘድቅቕ ማእለያ ዘይብሉ መሰናኽላት'ውን ነይሩዎ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ከምቲ ኣብ 1991 ዓለም፡ "ኤርትራ ናጻ ወጺኣ!" ዝብል ሓበሬታ ዝሃበት፡ ብ1961ክ "ኤርትራ ናጽነታ ንምርካብ ቃልሲ ጀሚራ ኣላ!" ኢላዶ ትኸውን? ከመይ'ቢላ'ሞ! ምኽንያቱ፡ ማዕረ ክንዳኡ ግምት ዘወሃቦ ዓቢ ክስተትዶ ነይሩ ይኸውን?

ናጽነት ክትብህግ፡ ሓርነት ክትምኒ፡ ንገዛእ ርእስኻ ክትመስል ክትደሊ፡ ኣብ ገዛእ ርእስኻ ክትምርኮስ ክትህንጠ ኣዝዩ ምቁር ሕልሚ'ዩ። ግና ኸኣ ማዕረ ማዕሪኡ ኣዝዩ ከቢድ ዋጋ ዝሓትት ዕላማ እዩ። እንተ ኾነ፡ እቲ ዕላማ ናይ ኩሉ፡ እቲ ባህጊ ድማ ናይ ኩሉ ስለ ዝነበረ፡ ኩሉ ወዲ ሃገር እንተ ብኣካል እንተ ብመንፈስ ወፈሩሉ። ኩሉ ድማ ኩለንተናኡ ወፍዩ። እቲ ዕላማ ምሕር ካብ ምግዛፉ እተላዕለ ዋጋኡ እምብዛ ረዚኑ። ምኽፋል ህይወታት ሓቲቱ፡ ምጉዳል ኣካላት ጠሊቡ፡ ምኽሳፍ ማእለያ ዘይብሉ ዕድላት ኣስዒቡ... እዚ ኹሉ ንሓርነት!





ብርግጽ ንሕናን ሃገርናን ከምቲ ቅድሚ ፍርቂ ዘመን ዝነበርናዮ ንኽንከውን እንተ ንምኒ፡ እዚ ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን ዝኸድናዮ ጉዕዞ ኣይመድለየናን። ከምኡ ግና ቅኑዕ ምርጫ ስለ ዘይነበረ ኣይመረጽናዮን። ክቡር ነገር ንኽንረክብ፡ ከቢድ መገዲ መሪጽና። ብሓባር ምእንቲ ክጥዕመና ብሓባር ተቓሊስና። ብሓባር ድማ ናጽነት ኣምጺእና። ናጽነት ብሓባር ስለ እትምልከተና ኣብ መላእ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ፍረ ናጽነት ከስተማቕር ኣሎዎ። "ዓቢኡ ንእሽቶኡ፡ ኣብ ቀረባ ዘሎ - ኣብ ርሑቕ ኩሉ ኤርትራዊ ክርህዎ ኣለዎ" ዕላማ ናጽነት እዩ። እዚ'ውን ከምቲ መሬታዊ ሓርነት ንምምጻእ ዝተቓለስና፡ ኣዝዩ ከቢድ ቃልሲ ዝሓትት ዕዮ እዩ። ምኽንያቱ፡ ሓርነት ጀሚርናዮ እምበር ኣይዛዘምናዮን፡ ዝዛዘም ኣምር`ውን ኣይኮነን። ጸላኢ ኣብ መሬትና የሎን። መሬትና ናትና ኾይኑ'ሎ! ካልኦት ማእለያ ዘይብሎም ጸላእቲ ግና ኣለዉና። ድኽነት ልዕሊ ዝኾነ ጸላኢ ክጽላእ ዝግብኦ እዩ፤ መሃይምነት ገጹን ድምጽማጹን ክጠፍእ ዘሎዎ ጸላኢ እዩ። ስለዚ ካብዚኦምን ካልኦትን ጸላእቲ'ውን ሓራ ክንከውን ኣለና... ኩልና!

ካብ ድኽነት ሓራ ንምኳን፡ ካብ ጽግዕተኛነት ሓራ ንምኳን፡ ካብ ድንቁርና ሓራ ንምኳን፡ ወትሩ ገዛእ ርእስና ብገዛእ ርእስና ንኽንመልኽ... ቀሊል ዕዮ ኣይኮነን። ኣብ ሓጺር ግዜ ዝዛዘም ቃልሲ'ውን ኣይኮነን። እዚ እንምነዮ ዘሎና ኩለንተናዊ ሓርነታት ልክዕ ከምቲ ቅድሚ ፍርቂ ዘመን ዝተመነናዮ መሬታዊ ሓርነት ኣዝዩ ከቢድ ስለ ዝኾነ፡ ሕጂ'ውን ከቢድ ዋጋ ንሕተት ኣለና። ስለዚ ምስጢር ናይ'ዚ ኹሉ ሎሚ እንሸገሮን እንጽመሞን ዘለና፡ ጽባሕ እታ ወትሩ እንምነያ ኩለንተናዊ ሓርነት እትውንን ሃገር ንምርኣይ እዩ።

ጽባሕ ግና ከምቲ እንምነያዶ ትኾነልና? ትማል ዘይረኣና እንተ ንኸውን ሎሚ ምተጠራጠርና። ንሕና ግና ናብ ዕላማና ንምብጻሕ ግዜ፡ ረሃጽ፡ ዓቕሊ፡ ኣገዳሲ እንተ ኹይኑ`ውን ህይወትና ከም እንሕተት እምበር፡ ከም እንበጽሖ ተጠራጢርና ኣይንፈልጥን። ምኽንያቱ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ እሞ ድማ ምስ ኩሉ ዝገጠመና ተጻብኦታት ብዙሕ ዓሚምና ኢና። ግና ኸኣ ባህግና ንሱ ጥራይ ስለ ዘይኮነ ኣመስጊንና ኣይንፈልጥን፤ ካብ ዕዮ'ውን ኣየዕረፍናን፤ ክነዕርፍ ስለ ዘይግባእ። ኮታ ቀደም ካብቲ ዝነበርናዮ ንኽሕሸልና ኢና ተቓሊስና። ሎሚ ድማ ካብዚ ዘለናዮ ንኽሕሸልና ንቃለስ ኣለና። ግና ሳላ ባህልና፡ ሳላ ቃልስና፡ ንውልቅና ኢልና ጥራይ ስለ ዘይንነብር፡ ንዓና፡ ንሕብረተሰብና ከምኡ'ውን ንዘመጽእ ወለዶና እናበልና ኢና እንሰርሕ። ምኽንያቱ፡ ሕጂ ኪንዮ ድራር እለት ምርካብን ኩብድኻ እንጌራ ምምላእን ዝኸይድ፡ መሰረቱ ብግቡእ ክድልድል ዝግባእ ኣዝዩ ብዙሕ ዕዮ ገዛ ኣሎና። ኩሉ'ዚ፡ ጽባሕ ክንርእዮ እንብህጎ እዩ። እንሆ ድማ ሎሚ ለይትን መዓልትን ንጽዕረሉ።





***

`ድሕሪ 34 ዓመታት ናጽነት፡ ኣብ ከምዚ ዘሎናዮ ደረጃ ክንህሉ ኣይግባእን`ዩ!` ዕላል ሓደ ሰብ`ዩ።

`ኣብ ከመይ ደረጃ ደኣ ክንህሉ ይግባእ ነይሩ?` ሕቶ ሰዒቡ፤

`ከም ዓለምና!`

`ከመይ ከም ዓለምና? ኣየናይ`ዩ እቲ ዓለም እንብሎ!?`

እቲ ዕላል ዘውዳእ ኣይኮነን። ቅልጡፍ መልሲ ዝርከቦ`ውን ኣይኮነን። ሓቂ`ዩ፡ ከም ባህግናን ከምቲ ክንኮኖ ዝግብኣናን ኣይኮንናን። ስለ ምንታይ ከምኡ ኣይኮንናን ኩሉና ስለ እንፈልጦ ብዙሕ ትንታነ ዘድልዮ ኣይኮነን። እቲ ቐንዲ ጠንቂ፡ እቲ ዝነበረ ኵነታት ምዃኑ ብዙሕ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ`ቲ ኩነታት ኴንና ገለ ፍሉይ ነገር ኣይምገበርናን ዲና? ምገበርና እምበር! እሞ መን ድዩ ዝገብር!? መንግስቲ ጥራይ ድዩ!? ኣይፋሉን!

ኣብ ውሽጢ ተጻብኦታት ምንባር፡ ንዓና ንኤርትራውያን ምርጫ ኣይኮነን፡ ኣጸቢቑ ናብ ዕጫ ይቐርብ። እታ እትሓምየላ ደቒቕ ገለ ጽቡቕ ነገር እንተ ኣበርኪትካላ (ንነብስኻ ወይ ንኸባቢኻ) ኣይ ሽዑ እንድዩ ለውጢ ዝጅምር። መንግስቲ`ሞ፡ ከም ዝኾነ ካልእ መንግስቲ ባዕሉ ዝፈልጦን ባዕልና እንፈልጦን ሓያልን ድኹምን ጐድኒ ኣሎዎ። እቲ `ድኹም` እንብሎ ጎድኒ`ውን ብፍላይ መንእሰያት ብደቂቕ ንገምግሞ እሞ፡ ንዛተየሉ። ምኽንያቱ፡ ገሊኡ ናይ ብሓቂ `ድኹም` ዘይክኸውን ይኽእል`ዩ። እቲ ናይ ብሓቂ `ድኹም` ኢልና ዘደምደምናዮ ድማ ኣብኡ ብኣተኩሮ ንሰራሕ። ምኽንያቱ፡ እዛ ሃገር ንመን ትቐርቦ፡ ንመንከ ትርሕቆ!? `ሃገርን ሓፋሽን` ዝማእከሉ` ጽገና ድኹም ጎድኒ ኩሉ`ዩ ዝሰዕቦ።

ኣብዚ እዋን ብዙሕ ዘይነስተማቕሮ ዘሎና ሓይሊ መንግስትና ጽባሕ ክርድኣና`ዩ። ብኣንጻሩ ኣብዚ እዋን ክግበር ዝነበሮ ድማ ጽባሕ ከጣዕሰና ይኽእል`ዩ። እዚ ባህርያዊ ነገር`ዩ። እቲ ምስጢር እምበኣር ኣብዚ`ዩ ዘሎ። እቲ ኣብዚ እዋን ክንልውጦ ዘይንኽእል ነገር ብዙሕ ኣይንጨነቐሉ፡ ንግዜ ንግደፎ። ካብ ነብስና ጀሚርና ክንልውጦ ዝግብኣናን እንኽእልን ነገራት ግና እልቢ ከም ዘይብሉ `ዝፈተነ` እዩ ዝፈልጦ።

ቅንያት ናጽነት ስለ ዝኾነ፡ ናጻ ክንኮነሉ ዝግባእ መሓዩራት ኣለዉ። ካብ ብኽነት ግዜ ናጻ ንኹን! ካብ ትህኪት ናጻ ንኹን! ካብ ሕሜታ ናጻ ንኹን! ካብ በለካ-ለኽዓካ ናጻ ንኹን! ካብ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታት ፍጹም ናጻ ንኹን! ካብ ግናይ ኣመላት ናጻ ንኹን! ካብዝን ካልእን ናጻ ብምኳንና ጥራይ ክንልውጦ እንኽእል ነገራት ኣዝዩ ብዙሕ ምኻኑ ምግንዛብ ጽቡቕ`ዩ!

ስለዚ ናጻ ምኳን ብምስጓግን ምምካትን `ጸላኢ` ጀሚርናዮን ተዓዊትናሉን ኢና! ንነብስናን ንሃገርናን ናጻ ክነውጽኦም ዝግባእ ኵነታት ግና ኣዝዩ ብዙሕ`ዩ እሞ፡ የማነ-ጸጋም ጥምት ኣቢልና ዓበይቲ ሓሳባት ንሕሰብ!






# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ተኸሳሲ ወ/ራ/ኣ/ ኣረጋሽ ሙብራህቱ ተሰፋልደት ተኸስተ፡ ብኸሳሲት ወ/ረ/ ኣ/ኣረጋሽ ሙብራህቱ ወ/ሮ ሰናይት ተኸስተ፡ ናይ ምቕሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ዘውዲ ሃብተማርያም ገብረእየሱስ ብዓል ቤተይ እስቲፋኖስ ጸጋይ ኣልመዶም ስለዝሞረረ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲት ሰምሃር ዓወት ገብረመድህን፡ ተኸሳሲ ሚካኤል ኣታኽልቲ ገብረእግዚኣብሄር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ትርሓስ ገብረጻድቕ በርሀ፡ ብዓል ቤተይ ብርሃ ተኽለጻዮን ዑቕባጻዮን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ቴድሮስ ገብረመድህን ተስፋይ፡ ስም ኣደይ ብርኽቲ ወልዳይ ምባል ተሪፉ፡ ብርኽቲ ወልደኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ጎይትኦም በላይ፡ ኣደይ ደሃብ ገብረማርያም ስለዝሞረረት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሰስቲ ወረ/ኣ ብርሃ ኣሕፈሮም መሓሪ፡ ተኸሰስቲ 1.ኣሰፋው ኣሕፈሮም መሓሪ 2.1.ማስፍን ወልደሚካኤል ወልደኣብ 2.3.ኤደን ወልደሚካኤል ወልደኣብ 2.4.ሳምሶም ወልደሚካኤል ወልደኣብ 2.5.ኤርሚያስ ወልደሚካኤል ወልደኣብ 2.6.ዮናስ ወልደሚካኤል ወልደኣብ 2.7.ኣማኑኤል ወልደሚካኤል ወልደኣብ 2.8.ኣርያም ወልደሚካኤል ወልደኣብ፣ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

ተስፋሚካኤል ዓንደገርጊስ ወልደገብርኤል፡ ሓፍተይ ነ/ፍ ኑብያት ዓንደገርጊስ ወልደገብርኤል ዝገደፈትለይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ከሳሲ ሃይለ ግርማጽዮን፡ ተኸሰስቲ ቁ.6 ተመስገን እስቲፋኖስ ተወልደ፡ 7.ሚሮን እስቲፋኖስ ተወልደ ናይ ገንዘብ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ሳዩሞን ሙብራህቱ ጸጋይ ምባል ተሪፉ፡ ስምኦን ሙብራህቱ ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ዓድል ወልዳይ በርሀ ምባል ተሪፉ፡ ኣደል ወልዳይ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ ባህታ ወልደማርያም ወልደሚካኤል፡ ተኸሰስቲ ወረ/ ኣ መሓመድ ዓሊ መንታዡ ናይ መኪና ስም ዋንነት ምትሕልላፍ ክሲ ኣቕሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ሄለን ተስፋይ ካሕሳይ፡ ኣቦይ ተስፋይ ካሕሳይ ሳሙኤልን ኣደይ ልኡል ሰገድ ሃብተያምን ስለዝሞረሩ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ናኤል ተኸስተ ብኢዱ ምባል ተሪፉ፡ ናኤል ከስተ ብኢዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ታቦቱ ርእሶም ገብረእንድርያስ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ሰለሙን ተኾመ ወልደስላሴ፡ ናይ ውሉድካ ምግዚትነት ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ንያት ምስየኽ ምባል ተሪፉ፡ ቤተልሄም ምስየኽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰምሃር ኣለም መርእድ፡ ብዓል ቤተይ ተኸስተ ማሕራይ ክብረኣብ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ መርሃዊት ተወልደ፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ምስየኽ ወልደስላሴ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ኢሳያስ እያሱ ሽበሺ ምባል ተሪፉ፡ ኣብ ፍቕረማርያም እያሱ ሽበሺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸጋ ኣርኣያ ሃብተሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ጸጋ ኣማኒኤል ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሰምሃር ተኽለሰንበት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ደርግኣለም ስልጣን ብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ክፍለ ወልደሚካኤል ገብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ክፍለ ወልደገብርኤል ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ዘቢብ በርሀ ብርሃ፡ ተኸሳሲ ተኽለወይኒ ያናይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ልቺ ገ/ሂወት ተከኡ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ልኡል ተኽለሃይማኖት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ኣቶ የውሃንስ ፍስሃጼን፡ ስም ት/ዕድመ ወደይ ኪዳነማርያም የውሃንስ ፍስሃጼን ምባል ተሪፉ፡ እሰይ የውሃንስ ፍስሃጼን ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ-ኳላ

ትፍቶ ገብረትንሳኤ ገብረእንድርያስ ምባል ተሪፉ፡ ሩታ ገብረትንሳኤ ገብረእንድርያስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ብርኽቲ ሽመንዲ ተኽሉ ምባል ተሪፉ፡ ሰምሃር ሽመንዲ ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቀዳዊት ወልደሩፋኤል ተስፋይ ምባል ተሪፉ፡ የውሃና ወልደሩፋኤል ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሮዳስ ኣብርሃም ወልደስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ሳሮን ኣብርሃም ወልደስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ታጀስር ዓብደልወሃብ ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ ፈሪድ ዓብደልዋሃብ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ከረን 01 ዞን 1 ዚፕ ኮድ 6K-1374 ፕሎት 15 ፓርሰል - ብመለለዪ ቁ/ንብረት 6000491 ዝተመዝገበ ስፍሓት መሬት 60.00 ት/ሜትር ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ናይ ትካል ገዛ)፣ ብውርሲ ካብ ብዓል ቤት ነፍ/ሄር መሓመድ ማሕሙድ ኻሎም ብዕጉእ ኣብ 1996 ዓ/ም ብዝተፈጸመ ናይ ሙተኣሚ ሰነድ ማሰረት፡ ብውርሲ ናብ ስመይ ከሰጋግር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ደግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተ ዘይቀረበ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃኑ እሕብር።

ወ/ሮ ፋጥማ ሰይድ ሃሸም

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 04፡ ዚፕ ኮድ 6K-1946፡ ፕሎት/ብሎክ 243፡ ብመለለዪ ቁ.ንብረት 6000593 ዝተመዝገበ፡ ስፍሓቱ፡ 306.20 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፣ ብስም ተብርሀ ጸጋይ ሓጎስ ዝተመዝገበ ዝዕደግኩዎ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ደግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃኑ እሕብር።

ጸገ ዘርኣይ ክፍለ

---

ኣነ ኣመልካቲ ኣቶ ሳሙኤል ኣፈወርቂ ገብረማስቀል፡ እቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ጸጸራት ቤት መኻእ ዚፕ ኮድ 1A293፡ ፕሎት 44፡ ፓርሰል A፡ኣብ ስፍሓት 250ት/ሜ ተደኲኑ ዝርከብ 3+ ቀንዲ ክፍልታት 2+ ከኣ ሓገዝቲ ክፍልታት ዘለዎ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቁ.ንብረት 1BRASM008877/1 ብዕለት 02/04/2025 ዓ.መ ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛ፡ ብስም ሳሙኤል ኣፈወርቂን ኣቶ ኣለም ኣፈወርቂን ተባሂሉ ክምዝገብ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ስልጣን ናብ ዘለዎ ቤት ፍርዲ ይቕረብ፡ እንተዘይቀረበ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ስም ምዝገባ መሰርሕ ክቕጽል ምዃኑ ንሕብር።

ኣቶ ሳሙኤል ኣፈወርቂ ገ/ማስቀል

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ገጀረት ዚፕ ኮድ 1A754 ጎደና ተጋደልቲ ቁጽሪ 69 ፕሎት 84 ፓርሰል H Bis ዝርከብ፡ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ቁምስክረ ወረቐት 105561 መወከሲ ንብረት 119254፡ ብስም ኣፈወርቂ ተስፋሚካኤል ባሩዶን ብዓልቲ ቤተይ ነፍ/ት ኣሰፋሽ ኣለም መሓረናን ዝተመዝገበ ገዛይ፡ ፍርቂ ብጽሒትይ ንጓለይ ወ/ሮ ጽገረዳ ኣፈወርቂ ተስፋሚካኤል ብውህብቶ ሂበያ ስለዘለኹ፡ ናብ ስማ ከሰግር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን የቕርብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ፡ ዘሎኒ ኦሪጅናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃኑ እሕብር።

ኣቶ ኣፈወርቂ ተስፋሚካኤል ባሩድ

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ከረን ከባቢ 01 ዞን 1 ዚፕ ኮድ 6K-1374 ፕሎት 15 ፓርሰል - ብመለለዪ ቁ/ንብረት 6000491 ዝተመዝገበ ስፍሓት መሬት 60 ት/ሜትር ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ኣባይቲ ናይ ትካል) ካብ ኣውራሲት ሓብተይ ነፍ/ሄራት ፋጥማ ሃሸም ሰይድ በርኸት ኣብ 2022 ዓ/ም ብዝተፈጸመ ናይ ውርሲ ሙተኣሚ ሰነድ ማሰረት፡ ብውርሲ ናብ ስመይ ከሰጋግር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ደግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ/ዛ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጅናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃኑ እሕብር።

ኣቶ ዓብደራሓም ሃሸም ሰይድ በርኸት

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ንጸህቲ ኣብራሃ ኣድሓኖም፡ ኣቦይ ኣብራሃ ኣድሓኖም እማን ስለዝዋረፈ፥ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወረሰት ምኻኑይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሓገሸ ሃብተ ተስፋ፥ ስም ኣደይ ለተስላሰ ኣብርሃ ወልዱ ምግል ተረፉ፥ ለተሚካኤል ወልደስላሴ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ፋጥና ዐስማን መሓመድዓሊ ምግል ተረፉፋጥና ዐስማን መሓመድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

መሓመድ ዐመር ሸም መሓመድ ምግል ተረፉ፥ሓምድ ዐመር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ኣቶ ደሳለ ተስፋጋብር ተወልደብርሃን፡ ኣዴና ንግስቲ ጉብረክርስቶስ ማሕሙድ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ኣብርሀት ጃውጅ፡ ብዓል ቤተይ ተኽለ ስልጣን ካህል ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቕና ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸሉም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

እድሪስ መሓመድ ዐመር ምግል ተረፉ፥ እድሪስ ማሕሙድ ዐመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳባ ፍስሃ፡ ኣቦይ ፍስሃየ ካሕሳይ ስለዝዋረፈ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

እሙና ማሕሙድ ዐመር ምግል ተረፉ፥ ኣምና ማሕሙድ ረሱልየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ዐስማን ኢብራሂም መ/ዓሊ ምግል ተረፉ፥መሓመድዐስማን ኢብራሂም መ/ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

እድሪስ ምግል ተረፉ፥ እድሪስ ሓምድ መሓመድ ፋይድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተብርሃን ተስፋጋብር ኣብርሀ፡ ጓለይ ቀደሽ ሃብተ ጉብረማርያም ስለዝተሰወኣት፡ ሓው ይኹን ሓፍቲ ስለዘይብላ፡ ኣቡኣ'ውን ብሂወት ስለዘየሉ፡ ኣነ ጥራይ ወረሲት ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ከሰተ ኣብርሃ ጉብረማርያም፡ ኣቦና ኣብርሃ ጉብረማርያም ጻድቓን ኣዴና ኣብረህት ዑቕበ ወልደማርያም ስለዝዋረፉ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ወይኒ ግርማጼን ኣርኣያ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ኣሸብር ጉብሩ ሃይለ ስለዝተሰወኡ፥ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻኖም ይረጋገጸሎም፡ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ኢብራሂም መሓመድ ኣደም መሓመድ ኣበከር ምግል ተረፉ፥ኢብራሂም መሓመድ ኣደም ኣበበከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ቡሪ ኣሕመድ መሓመድ ምግል ተረፉ፥ ቡሪ መሓመድ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ን/ዞባ ከረን ከጠ. 01፡ ዚፕ ኮድ 6K-1372፡ ዞን 01፡ፕሎት 19፡ ፓርሰል POP19፡በመ.ቁ.ንብረት 6BRKRN000860/3 ዝተመዝገበ፡ ስፍሓቱ፡ 17.75 ት/ሜ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊኡ 1 ክፍሊ ገዛ ንትካል ተገልግል ዘሎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ ) ብስም 1.ወ/ሮ ፋጥማ እድሪስ መሓመድሰዒድ 2.ወ/ሮ ፋጥማ ዓሊ ሰዒድ ምስ 10 ደቃን ዝተመዝገበ ዝዕደግኩዎ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፍጽም ምኻኑይ እሕብር፡፡

ኣሰያ መሓመድኑር ዓሊ

---

ብስም ብርኽቲ በርሀ ጉብረማርያም ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00041731 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ማይ ሳም ቁ.ገዛ 2 ዝርከብ ናይ ቤት መግብን መስተን ትካለይ፥ ንወ/ሮ ጸገ ኣረጋይ፥ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና 149-7 ቁ.ገዛ 3 ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ብርኽቲ በርሀ ጉብረማርያም
ሕጋዊ ወኪል ሙሉ ጉብረማርያም

---

ብስም ኘጨ.ወልደኣብዝጊ.ወልደስላሰ ዝተመዝገበ፡ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00026123 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4+ ኣስመራ ጎደና ኢዮጵ ቁ.ገዛ 134 ዝርከብ ናይ ባር ትካለይ፥ ንወ/ሮ ኣስመረት ተወልደ ገ/እግዚኣብሄር፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ማእከላይ ሰፈር ቁ.ገዛ 11 ካብ ዕለት 01/01/2024 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ኘጨ. ወልደኣብዝጊ. ወልደስላሰ

---

ኣነ ዓዳጋይ፥ እስማዒል መሓመድ ሳልሕ፥ ምስ ሸየጥቲ 1.ወ/ሮ ንዕማ ደቦሳይ ጋርዛ፥ 2.ወ/ሮ ረቕያ ደቦሳይ ጋርዛ ኣብ መንጎና ብዝተገበርናዮ መተኣማመኒ ሰነድ መሸጣ፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ን/ዞባ ከረን ከጠ. 01፡ዚፕ ኮድ 6K-1372፡ ፕሎት 1b፡ ብመለለዪ ቁ.ንብረት 6BRKRN000805/2 ዝተመዝገበ፡ ስፍሓቱ፡ 544.49 ት/ሜ . ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ዝገዝእክዎ፡ ብዕድጊ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፍጽም ምኻኑይ እሕብር፡፡

እስማዒል መሓመድ ሳልሕ

---

ብስም ኣቶ/ዓሊ ዓብደልቓድር ሓጎስ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 8 ምምሕዳር 02 ጎደና – ቁጽሪ ገዛ – ቁ.ሎታ 82 ቁ.ፓርሰል "ኢል" ስፍሓት መሬት 200 ት/ሜ ዘለዎ፡ ብምዝገባዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 107976 መወከሲ ቁጽሪ 122815 ብቑጽሪ ምዝገባ ንብረት 59548/39425 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፡ ብዕለት 30/08/2021 ዓ.ም ንዑዳጊ ኣቶ/እዮብ መንግስ ጎይትኦም ስለዝሸጥናሉ'ሞ ናብ ስም ዓዳጊ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለና፡ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪ ዞባ ማእከል ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ሕጋዊት ወኪል ወ/ሮ ፊርዶስ ዓብደልዓዚዝ ሰዒድ

---

ብስም ማሕበር መምህራን ኤርትራ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00018241 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ሰማእታት ቁ.ገዛ 41/42 ዝርከብ ናይ ባርን ፋሰት ፉድን በልያርድን ትካለይ፥ ንወ/ሮ ጸገ ገ/መድህን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ተመናይ ጎደና 126-3 ቁ.ገዛ 37 ካብ ዕለት 01/01/2024 ክሳብ ዕለት 30/12/2025 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፥ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

ማሕበር መምህራን ኤርትራ

---

ወ/ሮ ገኑት መሓሪ ኪዳን፡ ዝተፈቕደለን ናይ መጸገንን መሸጥን ኤለትሮኒክስ ንግዳዊ ትካለን፡ "ጂኤም ኤለክትሮኒክስ" (GM ELECTRONICS) ተባሂሉ ክጽየመለን ስለ ዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሰጣዊ ንግዲ

---

## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

# ክብርቲ ንብረት ሃገራውያን

ብሃይማኖት መሓሪ

"ንሕና ሃገርናን'ኮ ኣዒንቲን ቅርጨብን ኢና" ሓደ ንበዓል ናጽነት ኣሉ ናብ ሃገር ዝመጸኣ ኤርትራዊ እዩ ኸ ዘረባ ደርቢዩለይ። "ኣዒንቲ ብዘይቅርጨብ ኣብ ሓደጋ እያን ዝኣብራ፡ ቅርጨብ ብዘይ ኣዒንቲ ድማ ዋላ ሓንቲ ትርጉም የብሉን" እውን ወሲኹለይ። ኣብ'ታ ንሓጻር ግዜ ዝተዘራረብናላ፡ ብዛዕባ ኣብ ሃገሩ ዘለዎ ፍቕሪ ጥራይ እዩ ኣዕለሉኒ።

መቸም ከም'ዚ ቅንያት ናጽነት፡ ኤርትራውያን ነርቲ ወጻኢ ከም ማይ እየም ናብ ሃገርም ዝወርዱ። መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ እዋን ጾዕቂ ስራሕ ክህሉ ልሙድ ኩይኑ ኣሎ። ብምኽንያት ስርሓይ ምስዞም ኣጋይሽ ክራኸብ ከለኹ፡ ዓመት መጽኣት፡ ሰቐ ኢለ'የ ዝገረምን ዝሕብንኒ። እዚኣቶም ከም'ቶም ናይ ኩሉ እዋን ወይ ልሙዳት ኣጋይሽ ኣይኮኑን። በቃ - መዓልቲ ናጽነቶም ኣብ ሓመዶም ኩይናም ክጽንበሉ ኢሎም ስለ ዝመጽኡ፡ ምስኡ ድማ ናፍቖት ተሓዊሱዎ፡ ኩሉ ዕላሎም ብዛዕባ ናጽነት፡ ሃገር፡ ህዝቢ እዩ።

ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት፡ ኣብ መንገዲ ኣርብዓ ዝርኸብኩዎ ምልኩዕ ጎበዝ "ኤርትራዊ'ኮ ፍቕሪ እዩ" ክብለኒ ትዝ ይብለኒ። ሽዑ ንዘረባኡ ብዙሕ ትርጉም ኣይሃብኩዎን። ኣብ'ዚ ቀረባ ዓመታት ግን ሳላ ስርሓይ ምስ ብዙሓት ዜጋታት ንኽራኸብ ዕድል ስለ ዝበርከ፡ ኣብ ደቂ ኤረይ ዘሎ ፍቕርን ምትሕልላይን ከድህበሉ ክኢለ'የ።

ኣቲም ሰባት፡ እዞም ኣብ ስርሐይ ዝዕዘም ናይ ካልኦት ሃገራት ጊያሾ'ኮ፡ ነፍሲ-ወከፉ ሰብ ብዛዕባ'ታ ንዕኡ ተገድሶ እምበር፡ ብዛዕባ ካልእ እዚ ዝበሃል የብሉን። ኢቶም ብሓባር ዝመጽኡ ከይተረፉ ነጸብዑ ርእዮም ኣይፈልጡን። እንተ'ዞም ደቂ ዓደይ ግን፡ ኩሉ ነገርም ብሕብረት'ዩ። ዋላ ኣብ'ቶም ኣብ ኣየርፖርት ዝጸናሕናዮም ሰራሕተኛታት ንኹን ካልኦት ዜጋሹ ኣይኮኑን። ማለት'ሲ፡ ኤርትራዊ ምስ ኤርትራዊ ክሮኺና ምርኣይ ልሙድ ነገር'ዩ።

ቅነ ናጽነት እንደዩ ኸኣ፡ ኩሉ ነገር ምስ ናጽነት እየ ዘተኣሳስር ዘለኹ። "ብዘይኩኑ ምኽንያት ካብ ሃገር እንተ ወጻእና፡ ኣብኡ ንቕመጥ ደዩ ዝመስለኪ? ኣካልና እዩ ኣብኡ ዘሎ እምበር፡ ካልእ ኩሉ ነገርና'ኮ ኣብ'ዚ ጉዲፍናዮ ኢና ንኸይድ" ዝበለኒ ሓደ መንእሰይ እሞ ንሓዋሩ'ውን ዝርስዖ ኣይመስለንን። ዚ መንእሰይ ኣብ ሓሳብይ ክሳብ ገዚይ እየ ተማሊኣየ። ናብ ምዕቡልን ኣንጸባራቒን ሃገር ምስ ኣተኻ ክሳብ ክንድኡ ሃገርካ ትዝክር ኣይመስለንን ዝበረ። ስራሕ ኣሎ፡ ገንዘብ ኣሎ፡ መኪና ኣሎ፡ መግቢ ኣሎ፡ መስተ ኣሎ. . . ሰብ እንተደለኻዎውን መሊኡ ምኻኑ እየ ዝኣምን ነይረ።

እዚ ሰብ ግን ለከ ዋላ ኣብኡ ይቀመጥ፡ ኣብ'ታ ናጽነቱ ዝዖቖረት ሃገሩ እዩ'ባ ዝቕመጥ! ምስ ህዝበኻ፡ ኣብ ሃገርኻ፡ ምስ መሰልትኻ፡ ኮታ እቲ ናትካ ዘበለ ነገር ምሳኻ እንተ ሃልዩ ኢኻ ንናጽነት ክትስተማቕሮ ትኽእል!

ኑቲ ናይ ፈለማ ምብዕር ናጽነት ዘርከበሉን ብዙማስጦ ዝዘኩሮን ሰብ ድማ ረኺበልኩም። ንሱ ሉሚ ወለዱን ዞሚዱን ምስ ስድራቤቱ እዩ መጺኡ። ኣቤት ኣዀልጻኡ እንተ ትሰምዑዎ! እታ ናጽነት ሸዓ ከም ዝመጸኣት ኩይኑ ክሳብ ዝሰመዓ፡ ብዕላል 24 ግንቦት 1991 ሸለው ኣብሉኒ እብለኩም።

ንሱ ቐልዓ ኩይኑ ምስ መዘኡ ኣብ'ታ ናጽነት መላእ ሃገር ዝተበሰረትላ መዓልቲ፡ "መንጌ ወዲ ኣመተ ከይዱ ከይተዓወተ" ኢሉ እናጨደረ ምሉእ ኣስመራ ክኸልል ክውዕል፡ ኣብ ሰላሳታት ዕድመ ዝበረ ኣቡኡ ብስራሕ ኣቢሉ ጸርግያ ጸርግያ "ሀ. ." እናበለ ደድሕሪ ተጋደልቲ ክኸዱ፡ ኣደኡ ድማ ብዘይዝሕለ "ፎርቶ ጥንዔራ ኤረይ ተተኸላቶ. . ." እናበለት ክሳብ ኣእዳዋ ዝሓብጥ ከቦሮ ክትዛርም፡ ገዛኣምን ሓዳርምን ረሲያም ደድሕሪ ተጋዳላይን ፍቕዶ ጸርግያን ክኸልሉ፡ ኣብ ዕድመ 50ታት ዝበረ ተጋዳላይ ኣቡሓጎኡ ምስ ጸላእቲ እናተረጸሙ፡ ካብ'ቶም ካብ መሰዋእቲ ዝተረፉ ኩይኑ ኣስመራ ምስ ኣተወ፡ ብኣማኢት ሰባት ክሰዓምን ክሕንገርን. . ፡ ኣቤት ዝበረ ታሕጓስ ዝፈጠሮ ሕወሰወሰ፡ ጥርዚ ባህታ ዝፈጠሮ ፈንጠዝዩ፡ ደስታ ዘለዓለ ዕንደራ! ሉሚ ኣቡሓጎ ናብ 80ታት፡ ኣቦ ኣደን ናብ ሰሳታት፡ ንሱ ናብ ኣርብዓታት ተሰጊገርም ኣለው። እቲ ዝኽሪ እቲ ትዝታ፡ እቲ ህዋሁ ግን ብሆቱ ምስ'ዚ ቁልዓነር ኣሎ።

ባህሪ ስርሓይ ኩይኑ፡ በዓል ናጽነት ኣብ ሃገርም ምስ ህዝቦም ንኸጽንበሉ ዳርጋ ካብ መላእ ዓለም ንዝውሓዙ ኤርትራውያን ንኽንቅበል፡ ወጋሕ-ፈታሕ ክሳብ ዝበል ክእሮሕ ሰሙናት ኩይኑ ኣለ።

"ዓመት-ዓመት ኣብ መዓልቲ ናጽነት ኣብ ዓደይ እንተ ዘየርከብ ከም ስርዓት እየ ዝሓምም" ዝበለትኒ ድማ፡ ካብ ሃገረ ኣመሪካ ምስ ሰብኣያን ጓላን ዝመጽኣትን ዓሚ ኣብ ዝመጽኣትሉ እዋን ዝተላለኹዋን ኤርትራዊት'ያ። "ሉሚ ድማ መጺእኪ?" ምስ በልክዋ እያ "ከም ስርዓት'የ ዝሓምም" ዝበል መልሲ ሂባትኒ። እወ - ከም'ቲ ሓደ መንእሰይ ዝበለኒ "ኩሉ ነገራ ኣብ'ዚ ዓዲ ጉዲፉ ዝኸይድ'ያ" በልኩ ብውሽጠይ።

ሓደ ነገር ከኣ ዘከረ፡ ኣብ'ዚ ጎደቦናስ፡ ቅድሚ ቅሩብ ዓመት፡ 'ሰማዝበን ክረምቲ' ክንድ'ዚ ዝኣኽሉ ዜጋታት ካብ ወጻኢ ሃገራት ክመጽኡ ስለ ዝኸዱ፡ ዝእቶም ንምቕባል ኩሉኻ ተሻብሸብ ተኣንንት ክበሃል ቀንዱ ነይሩ። ብውሽጠይ "ቅድሚ ሕጂኸ ናብ ዓዶም ኣይውሕዙን ነይሮም ማለት ደዩ?" ኢለ እናሓሰብኩ ምስ ናትና ኣወዳደርኩዎ። ምኽንያቱ፡ ናብ ሃገሮም ዝመላለሱ ዜጋታትና ብዙሓትን ወትሩን ስለ ዝኾኑ፡ ከም ልሙድ ተወሰዱ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ንቕበሎም ዝበል ዜና ስማዕ ኣይፈልጥን።

ዓመት ዓመት ካብ ዝመጽኡ ብዙሓት ደቂ ሃገረይ፡ ብዙሕ ነገር ተማሂረ እየ መቸም። ብሕልፊ ድማ ንሕና ኤርትራውያን ኣብ ሃገርናን ህዝብናን ዝለና ፍቕርን ኣኽብሮትን ዝገልጽ እዩ። ዘይከኑ'ውን ኣረጋገጹ። ብዝያዳ ድማ ኣብ'ቶም ውልቃውያን (individualist) ዝበሃሉ ህዝብታት፡ ኸዘ ኑብሸኻ ምንባር እምበር፡ ኣደይዶ ሓወይ፡ ዘመደይዶ መተዓብይተይ፡ ዓርከይዶ መማህርተይ ኢልካ ክትሕዞ ምብጋስ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ኣታ እዚ ህዝቢ ደኣ፡ ኣብ ከርፋሕ ናብራ ሰደት ኩይኑ'ኳ ንብይነይ ዘይብል! ዝም ኣህዛብ፡ "ካብ ኑብሱ ዝያዳ ንወለዱን ኣሕዋቱን ዘቐድም ሰደተኛ ኣሎ" እንተ ትብሎም እንታይ ምበሉ? መስተንክሩዶ ዋላስ ዝዳሸወ ኩይኑ ምተሰመዖም። ብገዛዝኡን ፍልጠቱን ንሃገሩ ከም ዘገልግል እንተ ዘንገርምኸ?

ከም'ዚ ዝበለኩም ሉሚ ዓመት እውን ኣእዳውና ፒሮ ምሓዝ ክሳብ ዝለእን ኣጋይሽ ኣብ ምቕባል ንርከብ ኣለና። ብመዓልቲ ናጽነትና "የሃና" እናተበሃሃልና፡ ገለ ንናጽነት ዝምልከት ሓጺር ዕላል እናተለዋወጥና ስለ እንዕዕጽ ግዲ ኹይኑ ግን ኣይፍለጠናን'ዩ። ኩሉ ጊያሻይ፡ ኣብ ግዜ መዓልቲ ናጽነት ናብ ሃገሩ ብምምጽኡ ሕጉስ'ዩ። ንእየር ትኬት ክንደይ ከም ዝኸፈለ ንመምለሲኡ ክንደይ ክኸፍል ምኻኑ፡ ስራሕ ጉዲፉ ብምምጽኡ ክንደይ ክኸሰር'ዩ ዘይፈልጥ ኣይኮነን። ግና፡ ንናጽነቱ፡ ንሃገሩን ህዝቡን ብገዝዘብ ዝሸንኖ ኣይኮነን።

ኩሉ ግዜ ዘለንገሰ፡ ሕብርና ዝተፈላለዩ ቋንቋና ብዙሕ ክለሰሱ ጸባቐና እምበር ፍልልዩናስ ጎሊሑ ኣይፈልጥን። ከም'ዛ ኣደታትና ብእድያት ዘወቅብኦ ሓንቲ ክዳን ወይ ሰፊ ኢና'ኮ ንመስል። ገለኡ ኣብ ብዙሕነት ጸባቕ ይፈጥር፡ ገለኡ ድማ ኣብ ብዙሕነት ፍልልዩ የግፍሕ፡ እዛ ዓለም ከመይ'ዩ ሸገና እንደዒ።

ናጽነትና፡ ንነፍሲ-ወከፉ ሰብ ክሳብ ክንደይ ዝኸበረ መንፈሳዊ ትሕዝቶ ምኻና ክየምቶ ዝኽእል ኣይኮነንኩን። ሰቐ ኢለ እሕበን ጥራይ። ሉሚ ዓመት'ውን ሓበን ብሓበን ኩይና እየ መዓልቲ ናጽነት ዘሕለፍ ዘለኹ። ኑቶም መዓልታዊ ብኣማኢት ዝኣትው ተቐማጦ ወጻኢ እንክርኢ "እናኻዕ መን ከም ህዝቢ ኤርትራ!" እብል።

ቀሩብ ዕረፍቲ ምስ ረኸብኩ ቲቪ ወለዐ፡ ቀም ኩብል እናበልኩሉ ምርኢት ካርኒቫል ምስ ጀመረ ድቃሰይ በረረ። ዝያዳ ዝመሰጦ ድማ ኣደታት ሓንቲ ዓይነት ሸፎንን ዘርያን ኣቦታት ምስ ጻዕዳ ክዳናም ተመሃሮ ምስ ዲሺዝኦም ምስ ረአኹ፡ ናይ ሓጎስ ንብዓት መጺኡኒ። ይገርም'ዩ፡ እቲ ምትሕውዋስና፡ ምስልና፡ ንናጽነትና ዘለዋ ኣኽብሮትን ተወፋይነትን ብሉ ንብሉ ኣብ ውሽጠይ ስለ ዝኣተወ'የ ንብዓት ሓበን ጸረር ዝበልኩ።

ግዜ ከይተረደኣኒ መበል 34 በዓል ናጽነትና ኣብ ምጽንባል በጺሕና። "ግዜ ጎያዪ - መን ይሕዞ" ይብል ነበረ ደኣ ሓደ ሰብ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 34 ዓመት በብመድረኹ ብዙሕ ነገር ሓሊፉ። እቶም ኣብ ግዜ ናጽነት ዕድመና ዓሰርተታት ዝበረ፡ ግዜ ጎያዪ ሐዘና እናተዓዘረ ናብ ኣርብዓታት ኣጸጊዑና ደርኪቡ፡ ሕጂ እናዕለልና ከለና'ውን ኣብ ዝቡ ኣወጠሐ ናብ ሓምሳታት ገጹ ይወስደና ከም ዘሎ ዝሰወጦ ውሑድ ሰብ ይህሉ ይኸውን። ንበዓል የሃና፡ ናጽነት፡ ዓወት፡ ሓርነት፡ ሰላም ድማ ደሮ እንተ ውሓደ ደቂ 33 ዓመት ገይሩዎም ኣሎ። እቶም ኣብ'ቲ ወዕወዕ ናይ ናጽነት እዋን ዝተጠመቑ ማለተይ እዩ።

ምስ ሓንቲ ወትሩ ዘዕልላ ኣብ ወጻኢ እትቕመጥ መዛናይ ዝተበሃሃልናዮ ክየገርኩም። ኣብ'ዚ ዘሎቶ ሃገር ማሕበርቶም ስለ ዘሎ መዓልቲ ናጽነት ከም ዘብዕሉ ተዕልለኒ እያ። ኑቲ ብኢጋጣሚ በዓል ናጽነት ዝተሳእሉቶ ብሓበን እናገለጸት'ያ በብሓደ ተርእየኒ። ሳዕሳዒት ኣሎ፡ ዕላል ኣሎ፡ ሃገራዊ ኣለባብሳ ኣሎ፡ ባህላዊ መግቢና ኣሎ፡ ብዘዞኸእለ መጠን እታ ኣዳራሽ ኤርትራ-ኤርትራ ከም እትሸትት ክጉብሩዋ እየም ዝጽዕሩ። ዝ እናረኣኹ ንኽተባብዓ ደየ ዋላስ ብሓቂ ተመሲጠ እንድዒ "ኣይ ንኹሉ ነገር ኣብ ዓዲ ከም ዘለኹም እንዲኹም ኣምሲልኩሞ ደኣ" ምስ በልኩዋ፡ "ኢእ ከምኡ ኣይትበሊ" በለትኒ። ኣነ ድማ እንታይ ደኣ ኩይና ኢለ እናሓሰብኩ "እሂ. . ኩሉ ናይ ዓድና እንደየ ዝርኢይ ዘለኹ" በልኩዋ።

"ዓድና ደኣ ኣብይ ክንረኽቦ ጓለይ፡ እዚ ንመተሓዋወሲ ንመዕለሊ ጸቡቕ እዩ። ከም ናይ ዓድኻ ግን ኣብ ዘኸደካ ከይድካ ኣይትረኽቦን ኢኺ፡ ናይ ዓድኻ እዩ ጥዑም በጃኺ"

"እሞ ደቂ ዓድኺ እንደየም ምሳኺ ዘለዉ?"

"በትን በትን ተኣኻኺብና ኣብ ሓንቲ ኣዳራሽ ተዓጺኻ ደገ ወጺእካ ህዝበኻ ኣይትርእየሉ ኣግራብ ዓድኻ ናብ ቤተሰብን ኣይትብጽሓሉ ስድራኻን ሃገርካን እናናፈቕካ ደኣ ከመይ ኢሉ ከም ዓድኻ ክኸውን" በለትኒ።

መሓዛይ መልስታተይ ቃሕ ኣይበላን። በቲ ሓደ ወገን ግን ሓቃ'ያ። "ኣብ ዓደይ ከም ዘለኹ ኩይኑ ክስመዓኒ" ኢልካ ደኣ ንብሸኻ ተደዓዕሳ እምበር፡ ሓመድካን ሓመድ ጓናን ከመይ ኢሉ ሓደ ክኸውን ይኽእል። ንዝተወሰ ሰዓታት ኣብ ሓንቲ ኣዳራሽ ተዓጺኻ ትጸንሕ፡ ወጺእ ምስ በልካ ድማ፡ ሰሰዐም ናይ'ታ ዓዲ ይቕበለካ። መሓዛይ ከም ዝረኣኹዋ፡ ብቐንያቱ ብሓጎስ ክትዕንድር እዩ ድልየታ፡ ትሃና ከየውጽኣት ናብ'ቲ ብሉት ኣካብራ ምምላስ ኣይማእምኣን።

በሉ'ሰኩ፡ እንሆ ኣብ ቅንያት ናጽነት ኢና ዘለና። እቲ ኣብ ዓዓመት እኑብዕሎ መዓልቲ ናጽነት ጥራይ ዘይኮነ፡ እታ ብናይ ዓሰርተታት ዓመታት ደማዊ ቃልሲ፡ ክንደይ መንእሰያት፡ ፈላጣት፡ ኣደታት፡ ቈልዑ፡ ንብረትና፡ ዕድልና. . . ሰኢንና ዘምጻእናያ ናጽነት ኣብ ሕቖፍና ምህላዋ ዓቢ ጸጋን ሓበንን እዩ። ታሪኽና'ውን ንበዕሉ ሓደ ካብ ኣደናቒቲ ታሪኽ ዓለማት ምኻኑ ዝኽሕዶ የለን። ስለ ዝኾነ እዩ ኸኣ ኣብ ውሻጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንዕለተ ናጽነቱ ወትሩ ብወዕወዕ መንፈስ ዝጽንበሎ።





ሪፖርታዥ

# ጽንብል ናጽነት ምስ 'ሰብ ሓበን'

በርሀ ኣርኣያ
ክፍሊ. ዕዮ

"ሰብን ናጽነትን ኣብ ዓለም ክፈላለዩ ዘይግቡኦም ህያብ'ዮም። ኣነ ከኣ ናጽነት ኤርትራ ክርኢ እየ። ብጉህዲ እንተ ኾይኑ ኣብ ዓደይ፡ ብሕልሚ እንተ ኾይኑ ኣብታ ካልኣይቲ ዓለም" ክብል ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ 1967 ኣብ ሜዳ ዝበሎ'ዩ። እዚ ሪዚን ትርጉም ዘለዎ ኣበሃህላ፡ ምስቲ ህዝቢ ኤርትራ ስለ ናጽነቱ ዝኸፈሎ ዋጋን ንምዕቃብ ናጽነቱ ዝሓለፎ ዘሎ መኸተን ከም'ኡ ድማ ናጽነቱ ንምምዕራግ ዝነበሮ ምድላዋትን ምዕሩግ ኣበዓዕላን ክርአ ከሎ፡ ሰብን ናጽነትን ናይ ሓቂ ዘይፈላለዩ ምኳኖም የብርሃልካ። ትርጉም በዓል ናጽነት ንህዝቢ ኤርትራ፡ ልዕሊ ህይወቱ ምኳኑ'ውን ትግንዘብ። ምኽንያቱ ብዘይ ናጽነት ምንባር፡ ኢዩ'ካ ንሰብ ንኹሉ ፍጡር'ውን ትርጉም ዘለዎ ስለ ዘይኮነ።



ናጽነት ብዓቢ ክብሪን ብማራኺ ኣገባብን ምጽንባል ኣካል ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝኾነ'ውን ነዊሕ ኣቑጺሩ ኣሎ። ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝነበሮ ሃልዩ፡ በዓል ናጽነት ከማዕርግ ዝኽእሎ'ዩ ዘበርክት። ህጻናት ከይተረፉ፡ ኣብ ፈቐዶ ጎደናታት ኣስመራ፡ ካርታ ኤርትራ ምስ ባንዴራኣ ኣብ መሬት ስኢሎም 'ወፈያ ንበዓል ናጽነት' እናበሉ ነቲ በዓል ብዓቕሞም'ዮም ዝዓለዉ።

ኮማዊ ዳሳት፡ ኣካል ጽንብል በዓል ናጽነት ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ብምምሕዳራቱ ተወዲቡ፡ ብሓባር ታሕጓሱ ዝገልጸሉ'ዩ። ኩለን ሚኒስትሪታት፡ ትካላት መንግስትን ግልን ከም'ኡ'ውን ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ኮለጃት ዘለዋ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ንጽንብል ናጽነት ብኽብሪ የብዕልኦ። ኣብ'ቲ ብሕብራዊ መብራህቲ፡ ባንዴራን ጭርሖታትን ዝወቀበ ቀንዲ ጎደናታት ኣስመራ ድማ፡ ካብ ቁልዑ ክሳብ ሽማግለታት፡ ሸናዕ እናበሉ መቐረት ናጽነት ከስተማቕሩ ትዕዘብ'ሞ፡ ናጽነት ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ማዕረ ክንደይ ሪዚን ትርጉም ከም ዘለዎ ትርድእ።

ኣባላት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን፡ ዓመት መጸ ኣብ ዝዳየዱ ጽንብላት፡ ውዳበታቶም ኣጻፊፎም'ዮም ብምዕሩግ ኣገባብ ዘሕልፍዎ። ዓበይትን መንእሰያትን ኣባላት ሚኒስትሪ'ውን፡ ተሞክሮታት ዘብዐለተን ሃገርም ዝፈልጠሉን ዕድል ንምሃብ፡ ናብ ታሪኻውን ልምዲታውን ቦታታት ሃገርና ናይ ምብጻሕ መደባት የሰላስሉ'ዮም። ዛጊት ከኣ፡ ናብ ባድመ፡ ናቕፋ፡ ባጽዕን ከበበኣን በጺሖም ኣለዉ። እዚ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ሚኒስትሪ ሓድነትን ፍቕርን ዘደርዕ ጦብላሕታን ዘሕደር'ዩ።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ነታ ርእሲ ኩለን በዓላትና ዝኾነት ናጽነትና'ውን፡ መልሓሰኻ ዘቝርጥም ሽሻይን ወዚኻ ዘለዓዕል መሳጢ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኣታትን ኣዳልዩ ኣብ ቀጽሪ ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ወይ ኣብ ቀጽሪ ደብዮት መሰልጠኒ ማእከል ብዙሕ ዝበለ ኣገባብ'ዩ ዘጽንብሎ። ናይ ሎሚ ዓመት መበል 34 ጽንብል ናጽነት ድማ፡ ምስ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ብጾምዶ፡ ምስ ጅግኑ ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት መዓስከር ደንደን ብምውዳል ብፍሉይ ዝበለ ኣገባብ'ዩ ጸንቢሉዎ። ኣብ'ቲ ብጻዕዳ ጨርቅን ብሕብርታት ባንዴራን ዝተፈላለየ መብራህትታትን ጭርሖታትን ዝወቀበ ጸምዶ ፈረስ ዘጋልብ ዳስ፡ ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት መዓስከር ደንደን ኣብ መንጎ ሚኒስተራት፡ ሓለፍቲ ግንባርን ሰራዊትን፡ ዕዱማት ኢጋይሹ፡ ተቐሚጦ መዓስከር ደንደንን ማሚቐም ብምዕሩግ ኣገባብ ሓጎሶም ክገልጹን ነቲ ዝተዳለወ ሽሻይ እናተቛደሱ ክዘናግዑን ወዒሎም። ገለ ካብ'ቶም "ማስመርና ድርዕና" ምስ ዝብል ጭርሖ ተማእኪሎም ኣብ'ቲ ዳስ ተጻሒፎም ዝነበሩ ጭርሖታት፡



"መስዋእትን ስንክልናን ዋጋ ሃገር'ዩ"፣ "ስለ ሓፋሽ ምብጃው ዝዓበየ ክብሪ ህይወት"፣ "ሕጂ'ውን ኣለና ኣብ ቅኑዕ መትከልና"፣ መን ከምዚ ህዝቢ ንዓዱ ዝናቢ" ወዘተ ዝብሉ ይርከብዎ። እዚ ብኣባላት ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝተዳለወ ዕድል፡ ኣብ ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት መዓስከር ደንደን ፍሉይ ፍስሃን ሞራልን ዝፈጠረ'ዩ።

እዚ ብጾምዶ ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራን ተዳልዩ ኣብ መዓስከር ደንደን ምስ 'ሰብ ሓበን' ዝተገብረ ጽንብል፡ ክብርቲ ሚኒስተር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ወ/ሮ ልኡል ገብርኣብ፡ ሚኒስተር ቱሪዝም ወ/ሮ ኣስካሉ መንቀርዮስ፡ ሓላፊ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ ኣቶ ፍስሃየ ተስፋሚካኤል፡ ኣቦ መንበር ባይቶ ዞባ ማእከል ኣቶ ኣብርሃም ስመረ፡ ሓለፍቲ ክፍሊታት ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን፡ ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን ካብ ውሽጥን ደገን ዝመጽኡ ዕዱማት ኢጋይሹ፡ ኣባላት ሚኒስትሪ፡ ኣባላት ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራ፡ ሰብ ጸጋዎት ስንኩላን መዓስከር ደንደንን ስድራቤቶምን ዝጸንበረ ኮይኑ፡ ብልዑል ምውህሃድ ተኻዪዱ።

ድሕሪ'ቲ ክልተ ሰዓት ዝወሰደ ስንኩላን ባዕሎም ኣዳልዮም ዘሰነይዎ ናይ ምሳሕ እንግዶት፡ እቲ ናይ ምዝናጋዕ መደብ ልክዕ ሰዓት ክልተ'ዩ ብዘኸሪ ስምኢታት ጀሚሩ። ቀጺሉ ድማ፡ ቃል ኣካያዲ ምምሕዳር መዓስከር ስንኩላን ደንደን ኣቶ የማነ ጸጋይ ሰዊቡ። ኣቶ የማነ፡ ኣባላት ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራን ነዚ ቅዱስ ሓሳብ ኣጠሪሶም፡ ኩሉ ወጻኢታት ሸፊኖም ምስ ጅግኑ ስንኩላን ኲናት፡ በዓል ክጽምብሉ ብምምጽኦም ብስም ኩሎም ስንኩላን ኣመስጊኑ። እዚ ዝተገብረ ተበግሶ ከኣ መርኣያ ናይ'ቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሃገሩን ስለ ሃገር ዝሰንከሉን ኣባላቱ ዘለዎ ክብሪ ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ካልኦት ክስዕብዎ ኣዘኻኺሩ። ዓመት መጸ እዚ ክብር ዕለት ምስኦም ከሕልፍዎ ንዝመጽኡ ኣባላት 4ይ ግንባር ድማ ኣመስጊኑ። ሰዒቡ፡ ቶርታ ናጽነት ብኽብርቲ ሚኒስተር ቱሪዝም ወ/ሮ ኣስካሉ መንቀርዮስ ተቘሪሱ። ነቲ በዓል ዘማዕርጉ ግጥምታት፡ ምውራስ ተሞክሮ ብሓርበኛ ስንኩል ዋርሳይ ሃይለ ተኸሲ፡ መስመር ኣቦታተይ እትብል መሳጢት ስነጽሑፍ ብተመሃሮት ሰዶን ተሰፋማርያም ሓዲ ድሕሪ ሓዲ ቀሪቦም። ብጉጅለ ባህሊ ዛራ፡ ክፍለ ሰራዊት 63 ዝቐረበ ንኹለን ብሄራትና ዝውክል ሃገራዊ ደርፍታት'ውን ነቲ ጽምብል ኣማዕሪጉዎን ንኹሎም ተሳተፍቲ ኣሰራሲሩዎምን እዩ። ሃብተስላሴ ኣብርሃ (ዓይኖመ)'ን ማሕሙድ ኢጋርን ኣብ መንጎ መጺኦም ዝደረፍዎ'ውን ናይ ትግርኛን ናራን ደርፍታት ከኣ ነቲ ዕሙር ዳስ መሊሰን ኣዐሚረናኦ።

ኣብ'ቲ ዕለት ጅግኑ ስንኩላን ምስ ስድራቤቶም፡ ኣባላት ሚኒስትርን ኣባላት ማሕበር ስንኩላንን ኣባላት 4ይ ግንባርን ኮይኖም ክሰዕሩን ክሕጎሸን ክትዕዘብ ከለኻ፡ እንቋዕ ኤርትራዊ ኮንኩ ዝብል ሓሳብ ንኣእምሮኻ ይወርሶ። ኩሉ ኣብዛ ዓባይ ዕለት ዝተሳተፈ ሰብ ካብ ህጻን ክሳብ ሽማግለ ኣብ ገጹ ባህታን ሓጎስን ዓሲሉ ወዒሉ። መዓልቲ ናጽነት ብኸምዚ ኣገባብ ኣብ ቦታ ሰብ ጸጋዎት ብምጽንባሉ፡ ዓቢ ባህታ ከምዝተሰመዖም ብዙሓት ካብ ተሳተፍቲ ንወደብ'ቲ ኮሚቴ ክሕብሩ ወዒሎም። ጋዜጠኛታት ሚኒስትሪ ዜና ድማ ነቲ ፍሉይ ጽንብል ክሰንዱ ኣብ ማእከል'ቲ ህዝቢ ብምርካቦም፡ ነቲ ህሞት ባህታ ወሲኽምሉ። እቶም ንባህልና ዝውክል ወቁብ ኣልባሳት ተኸዲኖም ክሰዕሱን ክዘናግዑን ዝወዓሉ ኣቦታትን ኣደታትን'ውን፡ ነቲ ምውቕ ዳስ መቐረት ወሲኾምሉ'ዮም።

ስለ ሃገርን ህዝባን ዝኸፈል ኩሉ ዋጋ፡ ሓላል ምኳኑ መመለሲ'ዩ ዝርድኣካ። እቶም ሰብ ሓበን ስንኩላን ብሰባት ተዓጂቦም፡ ቡጡጅሊኦም ኮይኖም ኣብ ዓረብያኦም ሰቐጥቀጥ ክብሉ እንክትርኢ ድማ፡ ዓቢ ባህታ ይወርኻ። ንዘለዎም ከቢድ ስንክልና ተጻዊሮም፡ ዘለዎም ዘይጸዓድ ሞራልን ሃገራዊ ሓበንን እንክትርኢ ኣዘዮም ባህ ይብሉኻ። ንብድሆታት ህይወት ብጾብሪ ክሰገር ከም ዝከኣል ድማ ዓቢ ትምህርቲ ይኾኑኻ። ኣብ ጥቓይ ኮፍ ኢላ ዝነበረት ሓንቲ ካብ ኣባላት 4ይ ግንባር "እንታይ ዓይነት ሞራል ዘለዎም ሰባት እዮም" ብምባል ንጽንዓቶም ብኣንክሮ ገሊጻትለይ። ብኣካል ምስኦም ምስታፍ ድማ ኣዝዩ ዓቢ ክብሪ ከም ዝኾነ ኤትራዊት ምኳና ከምዝኸኣርዓን ሓቢራትኒ። እዚ ስምዒታ፡ ስምዒት ኩሉ ሰብ ምንባሩ፡ ኣብ ገጽ ኩሉ ተሳታፊ ክንዕብ ዝወዓለ'ዩ።



እዚ ክብርቲ ዕለት ዝተገብረ መሰናድኦ ልክዕ ሰዓት 6:30 ድ.ቐ ብዓቢ ክብሪ ተዛዚሙ። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ኣባላት ኮሚቴ በዓል፡ ነታ ካብ ከረን ሰዓት ሰለስተ ወጋሕታ ተበጊሳ ኩሉ ምድላዋታ ኣጻፊፋ እዚ በዓል ብዓቢ ወዒን ብሃገራዊ ስምዒትን ከተማዕርግ ዝወዓለት ጉጅለ ባህሊ ዛራ ናይ ምስጋና ቃል ኣስሚዒን ኣተባቢዖን። እታ መንእሰያት ዝኣባላታ፡ ባህላውን ዘመናውን መሳርሒ መዚቃ ዝዋጠቐት ጉጅለ ባህሊ፡ ድኻማ ከይጸብጸበት ዓቢ ሃገራዊ ኒሕ ተዓጢቓ ንክረን ምሕዳራ ክትምለስ ምኳና ምስ ተሓበረ ከኣ፡ ስለ'ቲ ጽንዓታ ኣማስጊኖማ። ኣብ ናይ ምፍናው ግዜ፡ መራሒ ክፍለ ሰራዊት 63 ሌ/ኮ መንግስትኣብ ሳሙኤል (ማርቶብ) ብኣካል ተረኺቡ ንኣባላቱ ክኪታተልን ክተባብዖን ብምምጽኡ ምስጋና ዝግበኦ'ዩ።

ጽንብል በዓል ናጽነት፡ ብጾምዶ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ማሕበር ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት ኤርትራን ኣብ ናይ ጾምዶ ኮማዊ ዳስ ምስ ጅግኑ ሓርበኛታት ስንኩላን ኲናት መዓስከር ደንደን፡ ብዙሕ ዝበለ ኣገባብን ወንን ብምዕሩግ ኣገባብን ብዲሲፕሊንን ሓሊፉ፡ ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍ ድማ ዘይሃስስ ጦብላሕታ ገዲፉ ኣሎ። ብኸምዚ ዓይነት ብፍሉይ ኣገባብ ብጾምዶ ዝተኻየደ ጽንብል በዓል ናጽነት፡ ብኣልኦት ወገናት ክስዓብ ዝግብኦ ቅዱስ ዕላማ ምኳኑ'ውን ምዝኽኻር ዘድልዮ ኢዩ'ካ። "ማስመርና ድርዕና" እናበልና ከኣ፡ 'ሓርበኛታት ስንኩላን መዓስከር ደንደን፡ ብጽንዓትኩም ጸኒዕና፡ ብሕቡኩም ተዓጢቕና ኢና'ሞ፡ ስለ'ዛ ሓላል መሬት ምስንካልኩም ክብሪ ደሰማዕኩም' ድማ ንብለኩም።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ብኒጀር ተሳዒራ





ስእሊ - ክብሮም ጸሃየ

ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ኤርትራ፡ ትማሊ ኣብ ካልኣይ ኣህጉራዊ ናይ ምሕዝነት ጸወታኣ፡ ብሃገራዊት ጋንታ ኒጀር ተሳዒራ።

እዘን ጋንታታት፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ተራኺበን ምንባረንን 0ብ0 ምፍልላየንን ይዝከር። ትማሊ ዝተፈልየ ወጻኢት ንምምዝጓብ ሓሊነን ድማ፡ ካብቲ ናይ ቀዳማይ ጸወታአን ብዘይፍለ 4-3-3 ቅዲ ጸወታ ሐዚን ዳግማይ ተራኺበን።

ኤርትራ፡ ብጼጋማይ ክንፊ መስመር መጥቃዕቲ ዝሓሸ ዕድላት ትረክብ ነይራ። ኣብ ቀዳሞት ደቃይቕ፡ ኣብ ዕላማ ዘይዛረመት ግና ወኒ ተጻወትታ ዘለዓዓለት ፈተነ፡ ብመገዲ ቤንሁር ኣማኑኤል ኣካዪዳ።

ቀዲማ ሸቶ ዘመዝገበት ግና፡ ኣብ ዳሕረዋይ መስመራ ቀማታትን ድልዱላትን ተኸላኸልቲ ኣገዲማ ዘበረት ኒጀር'ያ ነይራ። ኣብ መበል 18 ደቒቕ፡ ሓለቓ ጋንታ እዛ ምዕራብ ኣፍሪቃዊት ሃገር ዝኾነ - ኣብዱራሕማኑ ብየማናይ ክንፊ ብናይ ኣድ ዳርባ ናብ ልዑት ንዝኣተወት ኩዕሶ እዩ ናብ ሸቶ ቀይሩዋ።

ተጻወትቲ ኤርትራ፡ ብተደጋጋሚ ብኣዕሊ ብዘሰንደወወን ኩዕሶ ንመስመር ምክልኻል ኒጀር ክሓልፍዎ ይፍትኑ ነይሮም። ተኸላኸልቲ ኒጀር ብዘለዋ ኣካላዊ ኣቃውማ ብኣዕሊ ንዝመጻ ኩዕሶ ክመልሰወን ግና፡ ኣይጸገመን ነይሮም። ብፍላይ ሓለቓኦም፡ ዚ መስመር ኣብ ምርግጋጽ ልዑል ተራ ተጻዊቱ እዩ።

ሓንሳብ ግና፡ ኣብ ከባቢ ልዑቶም ዝተመንጠላ ኩዕሶ ንኤርትራ ናይ ቀዳማይ እብረ ዝበለጸት ዕድላ ነይራ። ሓለቓ ጋንታ ኣብሰሎም ተኸለዝጊ፡ ብዘጕጸአ ዓቢ ብጼጋማይ ክንፊ ተደጋጋሚ ዕድላት ይረክብ ንዝነበረ ዴቨን ግብጻዊ ኣብ ምቹእ ቦታ ኣቐቢልዎ እኳ እንተነበረ፡ ክጥቀመላ ግና ኣይከኣለን።

ኣብዚ መስመር ምክፍፋል ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ድኻም ዝተራእየ ጸወታ፡ ኣከፋፋሊ ናህም ታደሰ፡ ዕረፍቲ ቅድሚ ምውጻኦም፡ ብርእሱ ጕጭዩ ግዳም ዝሰደዳ ዕድል፡ ካብ ፈተነታቶም ነይራ። ብሓፈሻ፡ እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ወጻኢት ክቕይራ ዝኽእላ ሰለስተ ዕድላት ብጼጋማይ ክንፊ ረኺባ ነይራ። እተመዓራርያ ሸቶ ብዘይምቕጻራ ግና፡ ቀዳማይ እብረ 1ብ0 ተመሪሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ ለውጢ ተጻወትቲ ክትገብር ትጸበት እናተገብረላ ዝኾነ ከይቀየረት ዝኣተወት ኤርትራ፡ ዝጠዝለ ሚዛን ጸወታ ሐዛ ነይራ። ጸዕራም ኣከፋፋሊኣ ናህም ታደሰ፡ ካብ ኣስታት 25 ሜትሮ ብመገዲ ናጻ ቅላዕ ኣትረሩ ዝሃረሙ ልዑት ተገቲኡዋ ዝወጸት ናይቲ እብረ ቀዳመይቲ ፈተነኦም ነይራ።

ሓላዊ ልዑት ኒጀር፡ ንዝሓዛ ኩዕሶ ናብ መሬት ኣውሪዱ ዳግማይ ብምሓዙ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ልዑት ናጻ ቅላዕ ረኺባ - ኤርትራ፣ ወርቃዊት ዕድሉ፡ ኣብዛ ጉዳይ ብዘተፈጥረ ዘይምርድዳእ ድማ፡ ኣብ መንጎ ተጻወትቲ ዕግርግር ተፈጢሩ ነይሩ። ማእከላይ ዳኛ ምስ ናይ መስመር ዳኛ ተረዳዲኡ ግና፡ ናጻ ቅላዕ ወሲኑ። ናጻ ቅላዕ ናይ ምህራም ዓቕሚ ዘለዎ ናህም ዝቖልዓ ኩዕሶ፡ ኣብ ተጻዋታይ ኒጀር ተጨሊፉ ዓንዲ ልዑት ሃሪማ ንጕዓም ወጺኣ። ካብ የማናይ ክንፊ ምክልኻል ተበጊሱ ልዑት ናይ ምእታው ልምዲ ዘለዎ ናህም ዓወት፡ ዓንዲ ዘሀረማ'ውን ተጠቓሲት ነይራ።

ተጻወትቲ ኤርትራ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ደቃይቕ ሸቶ ምርካብ ዝያዳ ብዘተኳደዩ ኒጀራውያን ብመልሱመጥቃዕቲ ሓደገኛ ፈተነ ካብ ምክያድ ኣየዕረፉን። ዝተወሰኸ ሸቶ ብዘይምንባሩ ድማ፡ ኒጀር 1ብ0 ተዓዊታ።

ነዊሕ ግዜ ኣህጉራዊ ጸወታ ዘየካየደት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ብኽልተ ክንፊ ምክልኻላን መጥቃዕታን ዝሓሸ ምንቅስቓስ ኣርእያ እያ። ዳሕረዋይ መስመር ምስ ሓላዊ ልዑታ'ውን ተራ ጸገም እንተዘይኮይኑ፡ ጸቡቕ ሰሪሑ እዩ። መስመር ምክፍፋላ ድማ ገለ ናይ ተጻወትቲ ሓዲሽ ሓይሊ ለውጢ የድልዮ እዩ። ቀዳማይ መስመራ (ቁጽሪ 9) ግና፡ ወላኳ ብሉጽ ዕድላት ተፈጢሩሉ እዩ እንተዘይተባህለ፡ እቲ መስመር፡ ብዝበለጸ ክመሓየሽ ዘለዎ ይመስል። ብሓፈሻ ግና፡ እታ ሃገራዊት ጋንታ፡ ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ናብ ከምዚ ውድድር ምምላሳን ተሰሪሑ ዘለዎ ምንቅስቓስ ምርኣያን ክትምስገን ኣለዋ።



## ኣሞሪም፡ ንጋሪናቾ . . .

ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ - ሩበን ኣሞሪም፡ ንተጻዋታይ ኣሊሃንድሮ ጋሪናቾ፡ ኣብ መቐየሪ ክፍሊን ኣብ ቅድሚ ኩሎም ኣባላት እታ ክለብን፡ ሓዳስ ክለብ መታን ክረክብ "ክጽሊ" ከምዝለዎ ነጊሩዎ።

ኣሞሪም፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ መሰምገዲ ሜዳኦም ካርንቦን ኣብ ዝበሮ ክፉት ኣኼባ እዩ ነዚ ኣርጀንቲናዊ ናይ ክንፊ ኣጥቃዒይ ኣብዚ ከምዝዘዘመ ዝሓበሮ። ዩናይትድ ድማ፡ ኣብዚ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ዝተኻየደ ውልቃዊ ዝርርብ ዝኾነ ርእይቶ ከምዘይብላ ገሊጻ ኣላ።

ጋሪናቾ፡ ኣብዚ ዝተዛዘመት ወቕቲ ኣብ ኩሉ ውድድር ኣብ 58 ግጥማት ንዩናይትድ ወኪልዋ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብቲ ብቶተንሃም ዝተሳዕሩሉ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኤውሮጳ



ዝመጽእ ዘሎ ክረምቲ ክወጽእ ከምዝኽእል ዝገሮ። ብመሰረት ደይሊ መይል ትማሊ ዘውጻኦቶ ሕታም፡ እዚ ፖርቱጋላዊ ዓላሚ፡ "እተፈርመካ ክለብ ክትረክብ መታን እንተጸለኻ ዝበለጸ እዩ" ክብል፡ ኣብዛ ጋንታ ዘበሮ ጸንሒት ሊግ ግጥም 19 ደቒቕ ምስ ተረፎ ተቐይሩ ብምእታዉ፡ ድሕሪ ጸወታ ዘይዕግበቱ ገሊጹ ነይሩ። እታ ዝተዛዘመት ወቕቲ ብኣሽ ምንባራ'ውን ሓቢሩ።

ሓርፋፉ ዝምድና ኣሞሪምን ጋሪናቾን ቅድሚ ኣዋርሕ ፈኺም ክብል ዝጸንሐ እምበር፡ ሃንደበት ዝተባርዐ ኣይኮነን። ኣብ'ቲ 15 ታሕሳስ 2024፡ ንማን ሲቲ 2ብ1 ዝሰዓሩሉ ናይ ደርቢ ጸወታ፡ ኣሞሪም፡ ንጋሪናቾን ራሽፎርድን ካብቲ ግጥም ከምዝኣለዮም ይዝከር። ኣብ ልምምድ ስራ ዘርኣይዎ ድኹም ምንቅስቓስ ዝተወስደ ታክቲካዊ ውሳነ ምዃኑ'ውን ሓቢሩ ነይሩ።

ራሽፎርድ፡ ድሕሪ'ቲ ጸወታ ዳግማይ ማልያ ክለቡ ከይለበሰ፡ ኣብ ወርሒ ለካቲት ብልቓሕ ናብ ኣስቶን ቪላ ተሰጊሩ። ጋሪናቾ ግና፡ ቀልቢ ኣሰልጣኒኡ ክመልስ ብምኽኣሉ፡ ዳግማይ ክጻወት ክኢሉ።

ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት'ውን ንኢፕስዊች ኣብ ሜዳኦም 3ብ2 ኣብ ዝሰዓሩሉ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ፡ ብምቕያሩ ዘይተሓጎሰ ጋሪናቾ፡ ኣብ ክንዲ ናብ መንበር ተቐያርቲ ብቐጥታ ናብ መቐየሪ ክፍሊ ብምምራሕ ዘይዕግበቱ ገሊጹ። ብዝተገብረ ዝተቐጥዐ ኣሞሪም ድማ፡ ከም መቕጻዕቲ ድራር ኪጋብዞም ወሲኑሉ ነይሩ።

እዚ ሓርኽኽ ዝጠዝለ ኩነታት ጋሪናቾን ኣሞሪምን ድማ፡ ኣብ መወዳእታ ብምፍልላይ ክዛዘም ምዃኑ፡ በቲ "እተፈርመካ ጋንታ ክትረክብ ጽለይ" እትብል ናይ መፋነዊት ዘረባ ኣሞሪም ክትርድኦ ትኽእል።

## ሩዲገር፡ ቅልጡፍ ሕውየት ኣርእዩ

ሓደ ካብ ወሳኒት ተጻወትቲ ሪያል ማድሪድ ዝኾነ - ኣንቶኒዮ ሩዲገር፡ ቅድሚ'ቲ ኣብ ተሃድሶ ክጸንሖ ዝተገመቶ ግዜ ኣቐዲሙ ምሕዋዩ ተገሊጹ።

ሩዲገር፡ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ምንባሩ ይዝከር። ካብ ገለ ጸወታታት ድማ፡ ክእለ ተቐሲቡ እዩ። ካብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ምስ ተመልሰ ድማ፡ ቀጻሊ ኣብ ጼጋመይቲ ብርኩ ፋሻ ተጠቕሊሉ ክጻወት እዩ ዝርአ ዘሎ። እዚ ወዲ 32 ዓመት ተቓላሲ ተኸላኻሊ፡ ጋንታኡ ኣብቲ ናይ መፋርቕ ወርሒ መጋቢት ኣብ ውሽጢ መድረኽ (ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግን ላ'ሊጋን ዋንጫ ንምልዓል ትቃለስ ነይራ) እዋን እንከላ መጥባሕቲ



ክገበር ብዘይምድላዩ፡ ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ምስ ቀጻሊ ቃንዛ ክጻወተላ ወሲኑ።

16 ሚያዝያ ግና፡ ድሕሪ'ቲ ብኣርሰናል ካብ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ምእላዮም ሰዓቢ፡ 29 ሚያዝያ ዕዉት መጥባሕቲ ኣካዪዱ። ካብ ሽዱሽተ ክሳዕ ሸሞንተ ሰሙንቲ ካብ ጸወታ ክርሕቕ ተገሚቱ ነይሩ።

እንተኾነ፡ ኣብዚ እዋን ካብ ትጽቢት ወጻኢ ብቕልጡፍ ብምሕዋዩ፡ ኣብቲ ክለቡ ዝመጽእ ወርሒ እተኻይዶ ዋንጫ ክለባት ዓለም ክሳተፍ ተገሚቱ ኣሎ።

ንፈለማ ግዜ 32 ክለባት ሐዙ ኣብ ኣመሪካ ዝሰላሰል ዋንጫ ክለባት ዓለም፡ ዝመጽእ 14 ሰነ ክጅምር እዩ።

# ዜና ዓለም

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ትራምፕ፡ ካናዳ 61 ቢልዮን ዶላር ክትከፍል ሓቲቱ




ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ካናዳ ኣካል'ቲ መደብዎ ዘሎ 'ጎልድ ዶም' ዝተሰመየ ስርዓት መከላኸሊ ሚሳይል' ናይ ምትካል ዓርሞሸሸ ፕሮጀክት ንምኻኑ 61 ቢልዮን ዶላር ክትከፍል ጸዊዑ።

ካናዳ እዚ ክትገብር እንተ ዘይክኢላ ድማ፡ ከም ካልኣይ ኣማራጺ መበል 51 ግዝኣት ኣመሪካ ክትከውን ሓቲቱ።

ትራምፕ ወሲኹ፡ ካናዳ ኣካል ግዝኣት ኣመሪካ እንተ ኾይና፡ ብናጻ ኣገልግሎታት ክትረክብ ከም ትኽእል'ውን ገሊጹ።

ኣብ ካናዳ ዑደት ዝፍጽም ዘሎ ንጉስ ዓባይ ብሪጣንያ ቻርለስ ሳልሳይ፡ ንልኡላውነት ካናዳ ዝትንክፍ መደረ ከም ዘሰምዐ ዝጠቐሰ ትራምፕ፡ እታ ሃገር ኣካል ኣመሪካ ክትከውን እቲ ዝሓሸ ምርጫ ምኻኑ ኣረዲኡ።

ድሕሪ'ቲ ንጉስ ብሪጣንያ ዘቕረቦ መደረ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ካናዳ ማርክ ካርኒ፡ ካናዳ ክሳብ ዝመጽእ 1 ሓምለ ናብ ዳግመ ምዕጣቕ ኤውሮጳ ክትጽንበር ተስፋ ከም ዘለዎ፡ እዚ ድማ ኑቲ ኣብ ኣመሪካ ዘለዋ ወተሃደራዊ ጽግዕተኛነት ንምንካይ ዝዓለመ ጻዕሪ ምዃኑ ገሊጹ።

ካርኒ ኣቐዲሙ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ሃገሩ ምስ ኣመሪካ ኣብ ጉዳይ ስርዓት ምክልኻል ሚሳይል ዝርርብ ከም ዘካየደት ገሊጹ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፡ እዚ ሕጂ ብትራምፕ ዝቐረበ ጸውዒት ኣመልኪቱ ዝሃቦ ዝኾነ ርእይቶ ከም ዘየለ'ዩ ክፍለጥ ተኻኢሉ ዘሎ።

ፕሮጀክት ምትካል ስርዓት መከላኸሊ ሚሳይል (ጎልደን ዶም)፡ ኣስታት 175 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ከም ዝሓትትን ኣብ መወዳእታ 2029 ከም ዝዛዘምን እዩ ፕረዚደንት ትራምፕ ዝገለጸ ዘሎ።

## ንእምባ ኤቨረስት 31 ግዜ ዝሓኾረ ሰብኣይ

ወዲ 55 ዓመት ኔፓላዊ ሓኻራይ፡ 31 ግዜ ናብ እምባ ኤቨረስት ብምድያብ ክብረ ወሰን ዓለም ሐዚዙ።

እቲ ብ 'ኤቨረስት ማን' ዝፍለጥ ካሚ ሪታ ዝተባህለ ሰብኣይ፡ ኣብ 1994 ንፈለማ ግዜ ካብ ዝዕወት ንደሓር ብዘይ ምቁራጽ ን31 ዓመታት'ዩ ክብሩ ዓቂቡ ዝቐጸለ ዘሎ።



ንሱ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ እዩ ኣብቲ 8,849 ሜትሮ ዝቖመ፡ ጫፍ ናይቲ እምባ በጺሑ።

"ካሚ ሪታ፡ ሃገራዊ ጅግና ናይ ዓቕብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዓለማዊ ምልክት እምባ ኤቨረስት እውን እዩ" ክብል ድማ፡ ኣካያዲ ናይቲ ውድድር ገሊጹዎ።

ካሚ ሪታ፡ ኣብ ግንቦት 2024 ንማዕከን ዜና 'ኤኤፍ.ፒ' ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኑቲ ኣምባ ብዘቐጻት ንምሕኳር ፍሉይ ጻዕሪ ከም ዘካይድ ገሊጹ ነይሩ።

ኣብ 1953፡ ኤድሙንድ ሂላሪ ዝተባህለ ወዲ ኒውዚላንድ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ጫፍ እምባ ኤቨረስት ድሕሪ ምብጻሑ፡ ብድሕሪኡ ልዕሊ 8 ሽሕ ሓኾርቲ ኣብ ጫፍ ናይ'ቲ እምባ ከም ዝረገጹ ጸብጻባት የመልክቱ።

## እስራኤል ኣብ መከፋፈሊ ረድኤት ራፋሕ ኣጥቂዓ

ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ደቡባዊት ከተማ ራፋሕ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ፍልስጤማውያን ናይ መግቢ ረድኤት ንምቕባል ኣብ ዝጸየሉ ዘለዉ እዋን፡ ወተሃደራት እስራኤል ብዘኸፈቱዎ ተኹሲ 3 ሰባት ክቕተሉ ከለዉ፡ ካልኦት 46 ድማ ከም ዝቖሰሉ፡ ሰብ መዚ ቓዛ ገሊጾም።

ብተወሳኺ፡ ካልኦት 7 ሰባት እውን ደሆም ጠፊኡ ከም ዘሎ፡ እቶም ሰብ መዚ ወሲኾም ሓቢሮም።

እስራኤል፡ ሰብኣዊ ሓገዛት ናብ ቓዛ ከይኣቱ፡ ብምኽልካሉ፡ ልዕሊ 2 ሚልዮን ፍልስጤማውያን ግዳይ ጥሜትን ሰብኣዊ ቅልውላውን ኮይኖም ከም ዘለዉ'ዩ ጸብጻባት ዘረድኡ።

ሰብ መዚ ሰራዊት እስራኤል፡ ካብቲ ረዲኤት ዝከፋፈለሉ ነቑጣታት ወጻኢ ኣብ ዘሎ ከባቢታት ናይ መጠንቀቕታ ተኹሲ ከም ዝኸፈቱ እዮም ዝሕብሩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ነታንያሁ ግን፡ ኑቲ ኣብ መዐደሊ ረድኤት ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ከም ዝተኣመነሉ ይግለጽ ኣሎ።

ቤት ጽሕፈት መራኸቢ ብዙሃን ቓዛ ድማ፡ ኑቲ ብሰራዊት እስራኤል ኣብ ራፋሕ ዝተወስደ መጥቃዕቲ ኮኒኑ።

እቲ ኮሳ ኢልካ ከም እተፈጸመ ዝተገልጸ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ንልዕሊ 90 መዓልታት ብሰንኪ ከቦንን ክልከላ ረድኤትን ብጥምየት ዝተሳቐዩ ሰላማውያን ሰባት እዩ ተኻይዱ።



## ቻይና፡ ዋዕላ ሃገራት ፓስፊክ ተኣንግዳ

ቻይና፡ ናይ ሓባር መጻኢ ንምህናጽ፡ ኣብ ስትራተጂያዊ ዞባ ፓስፊክ ዝርከባ 11 ደሴታውያን ሃገራት ዝሳተፋኦ ዋዕላ ተኣንጊዳ ከም ዘላ ተሓቢሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ዋንግ ዪ፡ ድማ፡ ኑቲ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ከተማ ዢያመን ዝተኸፍተ ዋዕላ ኣቦ ወንበር ኮይኑ ይመርሖ ኣሎ።

ኣብቲ ዋዕላ፡ መራሕቲ ከባቢ፡ ታይቲ ማማዉ፡ ከም'ኡ'ውን ካብ ኒዩ፡ ቶንጋ፡ ናውሩ፡ ማይክሮኔዥያ፡ ደሴታት ሰሎሞን፡ ቫኑዋቱ፡ ፓፑዋ ኒው ጊኒ፡ ደሴታት ኩክን ፊጅን ዝመጽኡ ላዕለዎት ዲፕሎማሰኛታት ይሳተፉ ኣለዉ።

እቶም ዲፕሎማሰኛታት ኣብ ንግዲ፡ ልምዓት ትሕተ ቅርጺ፡ ምንካይ ድኽነት፡ ዘላቒ ምዕባለን ምምሕያሽ ለውጢ ክሊማን ኣተኩሮም ክመያየጡ ትጽቢት ይግበር።

እዚ ዋዕላ'ዚ፡ ኣመሪካ ንዘተፈላለያ ሃገራት ክትህቦ ዝጸንሐት ሰብኣዊ ሓገዛት ኣብ ዘቋረጸትሉ፡ ስጉምትታት ንግዳዊ ቀረጽን ዓለማዊ ዘይርግጸኛነትን ኣብ ዝወሰኸሉ ዘሎ እዋን'ዩ ዝካየድ ዘሎ።

እዚ ኩነታት'ዚ ድማ፡ ቻይና ምሸተን ብስትራተጂካዊ ኣመሪካ ዝዋኻሲ ዝፈልያ ደሴታት ፓስፊክ ንምትሕግጋዝ ተብግሶ ክትወስድ ከም እትኽእል'ዩም ተንተንቲ ክገልጹ ጸኒሖም።



ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ዕላማ ናይቲ ዋዕላ፡ ቻይናን ሃገራት ፓስፊክን ናይ ሓባር መጻኢ ዘለዎ ማሕበረሰብ ንምህናጽ ምዃኑ ገሊጹ።

ኣብቲ ዋዕላ፡ ጉዳይ ባሕሪ ደቡብ ቻይናን ደሴት ታይዋንን እውን ክዝረበሉ ትጽቢት ይግበር።

## ፕረዚደንት ዩክሬን ምስ ቻንስለር ጀርመን ተራኺቡ

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ወተሃደራዊ ደገፍ ንምርካብ ዝዓለመ ርክብ ትማሊ ረቡዕ ምስ ቻንስለር ጀርመን ፍሪድሪክ መርዝ ከም ዘካየደ ተገሊጹ።

ክልተኦም መራሕቲ፡ ኣብ ርክቦም፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ጸኒዑ ዘሎ እገዳታት ከም እተዘራረቡ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ ኣብ በርሊን ኣብ ዝተኣተወሉ እዋን፡ ቻንስለር ፍሪደሪክ መርዝ ብወተሃደራዊ ሰልፊ ዝተሰነየ ድምቑቕ ኣቀባብላ ከም ዝገበረሉ'ውን ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ዘለንስኪ ናብ በርሊን ዘምርሐ ዘሎ፡ ድሕሪ'ቲ ሩስያን ዩክሬንን ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ'ዚ ኣብ ቱርኪ ዘካየድኦ ቀጥታዊ ዝርርብ'ዩ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ እቲ ኣብ መንጎ ዩክሬንን ሩሲያን ዝቕጽል ዘሎ ደማዊ ውግእ ንኸብቅዕ ሓያል ጸቕጢ'ኳ ይገብር እንተሎ፡ ዛጊት ግን ፍረ ክርከቦ ኣይተኻእለን ዘሎ።

ቻንስለር መርዝ ብሰሉስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ፡ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላዲሚር ፑቲን ኣብዚ እዋን'ዚ ተኹሲ ደው ንምባል ወይ ስምምዕ ሰላም ንምኽታም ተገዳስነት ከም ዘይብሉ ወቒሱ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ቻንስለር ፍሪደሪክ መርዝ፡ ሰራዊት ዩክሬን ኑቲ ካብ ጀርመን ዝምጠወሎም ኣጽዋር ኣብ ውሽጢ ሩሲያ ክሳብ ዝደለዩዎ ርሕቀት ወንጨፎም ዒላማታት ሰራዊት ሞስኮ ክወቕዕሉ ከም ዝኽእሉ ድሕሪ ምግላጹ፡ እታ ሃገር ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ ውግእ ዓለም ንፈለማ እዋን ምስ ሩሲያ ናብ ወተሃደራዊ ረጽሚ ናይ ምእታው ስግኣተ ሓደጋ ኣንጸላልዩዋ ከም ዘሎ ይሕበር ኣሎ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሲሸል | 29/05/2025 | ጎደና ናቅፋ ቁ.33፡ ጥቃ እንዳ ኣልፋ | 120601 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565